**ካብ’ቶም ኣብ’ዚ እዋን ንድምጻይ ክዕብልልዎ ዝፍትኑ ዘለዉ ብዙሕ ቁጽሪ ዘለዎም ናይ ሓሶት ነቢያት ንዓለም ከጠንቕቓ ኣለኒ**

ሓሙስ፣ ነሓሰ 22, 2013 ሰዓት 23፣05

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ካብ’ቶም ኣብ’ዚ እዋን ንድምጻይ ክዕብልልዎ ዝፍትኑ ዘለዉ ብዙሕ ቁጽሪ ዘለዎም ናይ ሓሶት ነቢያት ንዓለም ከጠንቕቓ ኣለኒ።

ዝተፈላለየ ልኡኽ ዘለዎም ብዙሓት ነቢያት ንደቂ ኣምላኽ ከዳልዉዎም ሰዲደ ኢየ። እዞም ብዛዕባ ናይ መወዳእታ ግዜያት ዝምልከቱ መልእኽታት፣ ልክዕ ኣብ’ዛ እዋን ካብ ዓይነቶም እቶም እንኮ ሓቀኛ መልእኽታት ኢዮም፣ ንደቂ ኣምላኽ ኣየደናግሮምን ኢየ’ሞ።

እዞም መልእኽታት ምስ’ቶም ካልኦት ንቅዱስ ቃለይ ንምቅራን፣ ሕጂ፣ ኣብ ኩሉ ዝንዝሑ ዘለዉ ክነጻጸሩ ኣይግብኦምን ኢዩ። ሓደ መጽሓፍ ሓቂ ጥራይ ኢዩ ክህሉ ዝኽእል - ኣነ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ እቲ ገንሸል እግዚኣብሄር፣ ጥራይ ኢየ ንትሕዝቶታቱ ክገልጾ ዝኽእል። እቶም ንዓይ እትኣምኑኒ ኣዝዩ ብቐሊሉ ክትዕሽዉ ትኽእሉ ኢኹም። ክትፈልጡዎ ዘለኩም፣ ነዚኦም መልእኽቲታት እዚኦም ዝገራጨዉ መልእኽታት እሞ ኸኣ ካብ እግዚኣብሄር ዝመጹ ኢዮም ዝበሃሉ፣ እዚ ከምዘይከዉን ክትፈልጡ ኣለኩም።

ቁሩብ ጥራይ ዲኹም እትኣምኑኒ? ወይ’ሲ ከም’ቲ ኣነ ዝምነዮ፣ ብሙሉእን ክፉትን ልቢ፣ ኢኹም ንዓይ እትቕበሉኒ? ብፍቕሪን ተገዳስነትን ኢየ ናባኹም ዝጽውዕ። ንኣእምሮኹም ኣይኮንኩን ክማርኾ ዝፍትን። ብመንገዲ ልብኹም ኢየ ዝጽዋዓኩምን፣ ነፍሲኹም ድማ ናባይ እስሕባን። ኣብ’ዞም መልእኽታት ህላዌይ እንተተሰሚዕኩም፣ ድሕሬኡ ካብ ዝኾነ ደገፍ ወይ ፍቓድ ክተናድዩ ኣየድልየኩም ኢዩ።

ኣነ ከም’ቲ ኣነ ኢየ። ከም’ቲ ክኸዉን ዝነበሮ፣ ሕጂ፣ ኣብ ቅድሜኹም ደው እብል። እታ መዓልቲ ኣኺላ ኢያ’ሞ፣ ኣቦይ ንትሕዝቶ መጽሓፈ ራእይ ነቲ ሻውዓይ መልእኽተኛ እምበር ንዝኾነ ካልእ ክገልጽ ኣየፍቅደለይን ኢዩ።

ቀደም፣ ብዙሓት ሓቀኛታት ሰብ ራኢ ንዓለም ቃል እግዚኣብሄር ሂቦማ ኢዮም፣ ነዚ ድማ ብኽቢድ ተሳቕዮምሉ ኢዮም። ብዙሓት ክሳብ ሕጂ ካባይ ምጽንናዕ ይረኽቡ ኢዮም፣ ምስኦም ምርኻበይ ድማ ክቕጽሎ ኢየ፣ ስቓዮምን ጸሎታቶምን የድልየኒ ስለዝኾነ። ንሶም እቶም ሕሩያት ነፍሲታተይ ኢዮም፣ ነፍሲ ወከፎም ድማ ኣብ ምድሓን ካልኦት ነፍሲታት ግደ ኣለዎም።

እዚ ተልእኾ ናይ መወዳእታ ኢዩ። ንቃለይ ክትሰምዑ እእዝዘኩም ኣለኹ፣ ሕጂ፣ ኣብ'ዛ እዋን። ብመንገዲ እዞም መልእኽታት እዚኦም ዝዋሃበኩም ቃለይ ጥራይ ኢዩ ነቲ ግዜ ምስጓግ ከስግረኩም። ምስቶም መልእኽታት፣ ዓበይቲ ጸጋታት ከምጽኣልኩም ኢየ። ንቃለይ ብምብዳህ፣ ነዞም መልእኽታት ምስቶም ብናይ ሓሶት ነቢያት ዝዳለዉ ፈጠራታት ብምንጽጻር፣ ነቶም መልእኽታት ብምብካል ንዓይ ፈጺምኩም ከተዋርዱኒ የብልኩምን።

ናብ ዓብዪ ምሕረተይ ዝመርሓኩም ዝኾነ ሰብ ኣየድልየኩምን ኢዩ። ኣብ'ዞም መልእኽታት ጥራይ ክተተኩሩ ኣለኩም፣ ሕጂ ነቶም ናይ ቀደም ኣስተምህሮታተይ እሙናት ኴንኩም ክትጸንሑ ኣለኩም፣ ንሶም ናይ መድሕንኩም ጸጋ ኢዮም እሞ።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፦ ነቲ ጸረ ክርስቶስ፣ ከላልይዎ እንከለዉ፣ ሓቀኛ ክርስቲያን ምኻኑ ከፍልጥ ኢዩ**

**ዓርቢ፣ ነሓሰ 23, 2013 ሰዓት 14፣09**

‘ዛ ዓለይ፣ ብብዙሕ መልክዓት ሕማም ሓጥያት ንሙሉእ ዓለም ክውሕጣ እንከሎ ክርስቲያናት ክንደይ ኮን ክሳቐዩ ኢዮም። ንክርስቲያናት ንምጥፋእ ውዱብ ፈተነ ይግበር ኣሎ፣ እዚ ድማ ብዙሕ መልክዓት ዝሓዘ ኢዩ። ነዚ፣ ካልኦት ናይ እግዚኣብሄር ዘይኮኑ ኩሎም እምነታት እናተፈቕዶም፣ ክርስቲያናት ብቓልዕ ንእግዚኣብሄር ዘለዎም ተኣማንነት ክገልጹ ክኽልኡ እንከለዉ ሽዑ ክትፈልጡዎ ኢኹም። እዚኦም ካልኦት እምነታት ብስም ዜግነታዊ መሰላቶም ንፍትሒ ክጣርዑ እንከለዉ፣ ዓብዪ ደገፍ ክዋሃቦም ኢዩ። እዚ ዘምጽኦ ድማ፣ ነቶም ንኣቦይ ፉንፉናት ዝኾኑ ሓጥያታት ዝያዳ ከምዘስፋሕፍሑ ምግባር ኢዩ።

ሰባት ኣብ ሃገራቶም ንሓጥያታት ክቕበሉ ክግደዱን፣ ነዚኦም ሕግታት ምቕዋም ድማ ንክርስቲያናት ገበን ክኸዉን ኢዩ። ክርስቲያናት ከም ዘይሩህሩሃት፣ የማናውያን ክንፊ (ኣድሓሪያን)፣ ከምኡ’ውን ንናይ ካልኦት ሰብኣዊ መሰላት ዘይግደሱ ክርኣዩ ኢዮም። ኣብ ሃገራትኩም ንዘውርዱዎ ክፉእ ንኽመኽንዩሉ ኣብ ዝገብርዎ ጻዕሪ፣ ከም’ቲ ብኣቦይ ዝተሓንጸጸ ኣብ ነፍሲታት ክህሉ ኣለዎ ዝበሃል ነፍሲ ወከፍ ባህሪ ከም ሓደ ሽፋን ክጥቀሙሉ ኢዮም።

ሕማም ስጋ ንሓደ ሕብረተሰብ ክሕዞ እንከሎ፣ ብዙሓት ይቕትል። ድሕሪ ዓቢ ዓሂን ብዙሕ ሞትን፣ እቲ ዝተረፈ ሕብረተሰብ ነቲ ሕማም ተጻዋሪ ይኸዉን። ፍርዲ እቶም ማሕተማት ብመድሓኒ ኩሉ ዓለም ክግለጽ እንከሎን ብመላእኽቲ ጎይታ ንታሕቲ ክፈስስ እንከሎን፣ ሓጥያት ኣብ ብዙሓት ሃገራት ሕማም ስጋ ኬኸትል ኢዩ። ከም ካሕሳ ክፍኣት ሰብ ብዙሓት ክቕተሉ ኢዮም። እዚ ምንጻህ፣ ክሳብ እቶም ብሳላ ንእግዚኣብሄር ዘለዎም ፍቕሪ ካብ’ዚ ሞት ዝኽወሉ ጥራይ ዝተርፉ ክቕጽል ኢዩ።

ክርስቲያናት ብብዙሓት መንገዲታት ብዙሕ ክሳቐዩ ኢዮም። እምነቶም ካብኦም ክውሰድን ኣብ ቦትኡ ድማ ጽያፍ ክርኤ ኢዩ። እቲ ድሮ ጀሚሩ ዘሎ ቃንዛኦም ኣብ’ዚ ግዜ፣ ከም’ቲ ወደይ ዘሕለፎ ዓይነት ኢዩ። ሽዑ፣ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ኣብ ዝግለጸሉ ግዜ ውፉይ ክርስቲያን ምኻኑ ኣብ ዝእውጀሉ፣ ኣዝዩ ዘደንጹ ትርኢት ክርእዩ ኢዮም። ንዓለም ኣብ ዝገብሮ መደረታት ብዙሓት ክፉላት መጽሓፍ ቅዱስ ክጠቅስ ኢዩ። ክሳብ እቲ ግዜ ክሳቐዩ ዝጸንሑ ዝደኸሙ ክርስቲያናት፣ ሃንደበት ዕረፍቲ ክስምዖም ኢዩ። ኣብ መወዳእታኡስ፣ እንሆ መልሲ ጸሎቶም ሓደ ሰብኣይ ካብ ሰማያት ተላእከ ኢሎም ክሓስቡ ኢዮም። ካብ ኣፉ ብዙሓት ምቁራትን ዘደዓዕሱን ቃላት ክፈስስ ኢዩ፣ ከም ልኡኽ እግዚኣብሄር ኮይኑ እውን ክርኤ ኢዩ፣ ብኽምኡ ድማ ኣንጻር ክርስትያናት ንዝፍጸም በደል ከምዘዌሪ ኮይኑ ክርኤ ኢዩ። ብክርስቲያናት፣ ብፍላይ ድማ ሰዓብቲ ሮማዊ ካቶሊክ ከመይ ከም ዝርእዩዎ ተጠንቂቑ ክሃንጾ ኢዩ፣ ንሶም እቶም ቀንዲ ዕላምኡ ክኾኑ ስለዝኾኑ።

ኩሉ ንጸረ-ክርስቶስን ነቲ ክርስትያናዊ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ተግባራቱ፣ ኣመታቱን ከድንቐ ኢዩ፣ ከምኡ'ውን እቲ ንመጽሓፍ ቅዱስ ኣለዎ ዝበሃል ፍቕሪ ብብዙሓት ብቕጽበት ተቐባልነት ከምዝረክብ ክገብሮ ኢዩ። ንኹለን ሃገራት ብሓባር ከምጽኤንን፣ ንናይ ዓለም ሰላም ኬምጽኣ ብሓባር መታን ክሰርሓ ድማ ንናይ ካልኦት ሃይማኖታት በዓላት ክጽምብል ክጅምር ኢዩ፣ ብፍላይ ናይ ኣረሜን ማሕበራት። ክሳብ ሽዑ ጸላእቲ ንዝነበራ ሃገራት ኣብ ምሕባረንን ክዕወት ኢዩ። ኣብ ብኲናት ዝተሓመሳ ሃገራት ጸጥታ ክስማዕ ኢዩ፣ ምስሉ ድማ ኣብ ኩሉ ክርኤ ኢዩ። ናይ መወዳእታ ዓብዪ ዓወቱ ድማ ነቲኤን ኩለን ዘሕብረን ሃገራት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያንን ካልኦት ክርስቲያናዊ ማሕበራት ከምጽኤን እንከሎ ኢዩ። እዚ ሕብረት'ዚ ነቲ ሓዳስ ሃይማኖት ሓንቲ ዓለም ክፈጥር ኢዩ። ካብ'ቲ ዕለት ንደሓር፣ ገሃነም ኣብ ምድሪ ክዝራእን፣ ህላዌ/ጽልዋ ኣጋንንቲ ካብ ቅድሚ'ቲ ዓብዪ ዕልቕልቕ ግዜ ጀሚሩ ተራእዩ ብዘይፍለጥ ደረጃ ክብ ዝበለ ክኸዉን ኢዩ። ሰባት ኣብ'ቲ ሓዳስ፣ ናይ ስርዓት ሓንቲ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ንእግዚኣብሄር ከምልኹ ክርኣዩን፣ ብኹሉ መዳይ ውፉያት ኣመንቲ መሲሎም ክርኣዩን ኢዮም። ካብ'ተን ኣብያተ ክርስቲያን ወጻኢ ድማ ብቓልዕ ኣብ ሓጥያት ክእለኹ ኢዮም፣ ዝኾነ ሓጥያት ኣይከሕፍሮምን ስለዝኾነ። ኣብ ትሕቲ እቲ ዓዛሚ ዝኾነ ምርሒት ናይ ሓሶት ስላሴ - ብሰይጣን ዝተፈጥረ ስሉስ - ነቲ ሓድሽ ዝረኸቡዎ ሸውሃት ንምዕጋብ ንኩሉ ዓይነት ሓጥያት ሃረር ክብሉ ኢዮም።

እዚ ክፍኣት'ዚ ንሓጥያተ-ስጋ ከጠቓልል ኢዩ፣ ዕርቃንካ ምኳን ቅቡል ክኸዉን ኢዩ፣ ሰብ ኣብ ኣብ ቃልዕ ቦታታት ኣብ ብዕሉጋት ሓጥያታት ስጋ ክሳተፍ ኢዩ። ቅትለት ልሙድን ብብዙሓት ዝፍጸም ክኸዉን ኢዩ፣ እንኮላይ ብህጻናት። ሰይጣናዊ ኣምልኾን ሕማቓት ቅዳሴታትን ኣብ ብዙሓት ካቶሊካውያን ኣብያተ ክርስቲያናት ክካየድ ኢዩ። ምንጻል ጥንሲ ከም ፍታሕ ዝኾነ ዓይነት ሽግር ክርኤን፣ ክሳብ እታ ዕለተ ልደት ክፍጸም ክፍቀድ ኢዩ።

ኣብ ቀረባ ድማ ዝኾነ ዓይነት ተኣማንነት ንየሱስ ክርስቶስ ምርኣይ ገበን ክኸዉን ኢዩ። ምስ ሓቀኛ መስቀል እንተተራኢኹም ገበን ከምዝፈጸምኩም ክትፈልጡ ኢኹም፣ ምኽንያቱ ሕጊ ክትጥሕሱ ስለዝኾንኩም። ኣብ ምድርታትኩም ዘሎ ሕጊ'ሲ፣ ፖለቲካን ሃይማኖትን ኣብ'ቲ ሓድሽ ስርዓት ዓለም ዝጠናነጉሉ ጽምዲ ሕጊ ክኸዉን ኢዩ ።

እዚ ምስጓግ ማለት፣ ብዙሓት፣ ብዘይፍላጥ፣ ነቲ ኣራዊት ከምልኹን ክውረሩን ኢዮም ማለት ኢዩ። ኣዝዮም ካብ ምውራሮም ዝተላዕለስ፣ ሓዎም፣ ሓብቶም፣ ኣቦኦምን ኣዴኦምን ንክርስቲያናዊነት እሙናት ኮይኖም እንተጸኒሖም፣ ንዕኦም ጠሊሞም ንሰብ-ስልጣን ኣሕሊፎም ክህቡዎም ኢዮም። እቲ እንኮ ተስፋኹም፣ ደቀይ፣ ነዚ እዋን ከሕልፈኩም'ሲ ጸሎት ጥራይ ኢዩ።

ንኩሎም ቅዱሳን ነገራት፣ መቑጸርያታት፣ ዝተባረኹ ሽምዓታት፣ ማይ ጸበል፣ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ዕለታዊ ቅዱስ መጽሓፈ ጸሎት ምስ መጽሓፈ ጸሎት ገድሊን ከተቐምጡ እምሕጸነኩም ኣለኹ። ማሕተም እቲ ህያው እግዚኣብሄር ኣብ ገዛኹምን፣ እንተተኻኢሉ ድማ ኣብ ነብስኹምን ግበሩ። ሜዳልያ ድሕነተይ ነቶም ዝወድዪዎ ናብ ኣመንቲ ክቕይሮምን ወደይ ድማ ምሕረት ክርእዮምን ኢዩ። ስለ'ዚ ሕጂ ዝሓተኪ፣ 'ዛ ጓለይ፣ ሜዳልያ ድሕነት ሕጂ ከምዝምስርሑን ክታብ ማሕተም እቲ ህያው እግዚኣብሄር ክስርሑን ኢዩ።

እዚ መልእኽቲ ነቶም ዝመጹ ነገራት ካብ ሰማያት ዝዋሃብ መጠንቐቕታ ኢዩ። ኩልግዜ ንወደይ ብሓቂ እሙናት ኳንኩም መታን ክትጸንሑ ናብ’ቲ ሓቂ ክመርሓኩም ስለዘለኒ፣ ንዓይ ንኪዳነ ምሕረት ክትሰምዑኒ ኣለኩም።

ብሰላም ተጓዓዙ፣ ደቀየ፣ ከምኡ’ውን እዚ ፈተና ብምሕረት እግዚኣብሄር ሓጺር ስለዝኸዉን፣ ህዱኣት ኩኑ። ኣብ ግዜ ፈተናታትኩም ኩልግዜ ምሳኹም ስለዝኸዉን፣ ብኣይ ብኣዴኹም እመኑ። ፈጺምኩም በይንኹም ኣይክትኮኑን ኢኹም።

ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**እግዚኣብሄር ኣቦ፡- ደቀየ ካብ’ታ ዓባይ መዓልቲ’ሲ ብዙሕ ርሑቕ ኣይኮናን ዘለና**

ዓርቢ፣ ነሓሰ 23, 2013 ሰዓት 15፣00

ኣዚኺ ክብርቲ ጓለይ፣ ዓለም ነቲ እትርእዮ ዘላ ቅብጸተ ተስፋ ክትርድኦ ክትፍትን እንከላ፣ ንኩሎም እቶም ንዓይ ዘፍቅሩኒ ናብ ዑቕባይ ቅድሚ ምምጽኤይ፣ እዞም ኩሎም ህውከታት ክፍጸሙ ከምዘለዎም ፍለጢ።

ሕጂ ኣብ ቀረባ ግዜ መን ምኧነይ ክትፈልጡ ኢኹም። እቶም ብዛዕባይ ርግጸተኛታት ዘይኮንኩም ኣብ መወዳእታኡ ነቲ ሓቂ ክትርእዩ ኢኹም፣ እዚ ድማ ዓቢ ሰላም ከምጽኣልኩም ኢዩ። እቲ ክፍኣት ኣብ ዓለም ሕጂ ይውስኽ ኣሎ፣ እቲ ምትላል ድማ ይወርድ ኣሎ። ጽኑዓት ክትኮኑ ኣለኩም፣ እምሕጸነኩም ኣለኹ፣ እቲ ምሕዳስ ዝጅምረሉ ዕለት ሕጂ ኣብ ዝጽበየሉ፣ ኩሎም ደቀይ ድማ ኣብ’ታ ወደይ ነብሱ ዝገልጸላ ዕለት ምጽንናዕ ክረኽቡ ኢዮም።

ሕጂ እትርእይዎ ዘለኹም፣ ኣብ ሞንጎ ሰማያዊ ሰራዊት መላእኽተይን ሰይጣን ምስ ኩሎም ኣጋንንቱን ዝግበር ውግእ ኢዩ። ንብዙሓት ካባኻትኩም እዚ ዘፍርሕን ዝርብሽን ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ ንቃንዛኹም ከቃልል’ሲ ጣልቃ ክኣቱ ኢየ። ንስኹም ናተይ ምኧንኩምን፣ ነቲ ዝወረራ ምስ ኣልገስኩዎ ናብ ዓለም ሰላም ከም ዘምጽኣላን ፍለጡ ኢኹም።

ደቀየ፣ ካብ’ታ ዓባይ ዕለት ብዙሕ ርሒቕና የለናን፣ ብዙሕ ክፍጸም ዘለዎ ነገራት ተሪፉ እኳ እንተሎ፣ እቲ ቅዱስ ስም ወደይ ከም ሕሱም ዝንቀፈሉ ማለት’ዩ፣ ቅልጡፍ ክኸዉን ኢዩ። ሕጂ ናብ መጸኢ ከተማዕድዉ ኣለኩም፣ ከም ኣዝዩ ዓብዪ ድሙቕ ኣንጸባራቒ ክቡር እምኒ ስለዝኾነ ኣብ’ቲ ናብ ሓድሽ መዋእል ሰላም እትኣትዉሉ ዕለት፣ በቲ እኪይ ኣብ ዓለም ንዝወረደ ምስጓግ ድሮ ረሲዕኩሞ ኣለኹም። ከም’ቲ ወደይ ዝመርሓኩም ክትገብሩ ኣለኩም። እቶም ንጽቡቕኩምን ንጽቡቕ እቶም ስለምሕረቶም ንዓይ ክትልምኑሎም ዝሓተኩም ነፍሲታትን ዝኾኑ ማሕተማት ክግለጹልኩም እንከለዉ፣ ህዱኣት ኳንኩም ክትጸንሑ ኣለኩም።

ንትእዛዛተይ ሓቀኛታት ኳንኩም ክትጸንሑ እንከለኹምን ምስ ወደይ ሓቢርኩም ሂወትኩም ክትመርሑ ከለኹምን፣ ፍርቂ መንገዲ በጺሕኩም ኣለኹም ማለት’ዩ። ንምስጢራተ ቤተ ክርስቲያን ጽኑዓት ኳንኩም ምስ እትጸንሑን ኣብ’ቶም ነቲ ኣራዊት ዘኽብሩ ወግዕታት ኣረሜን ምስታፍ እንተኣቢኹምን፣ ኣብ ቅድሜይ ብዙሕ ሞገስ ክትረኽቡ ኢኹም።

ኪዱ’ሞ ኣነ እቲ ኩሉ ዝከኣሎ ምኧነይን ኩሉ ስልጣን ናተይ ምኧኑን ዘከሩ። ኣብ ቀረባ፣ ነቲ እከይ ክድምስሶን ነታ ሓዳስ ገነተይ ክገልጸልኩምን ኢየ። ዓቕሊ ግበሩ። ብኣይ እመኑ። ንወደይ ሰዓቡዎን ነቲ ወደይን ፍቕርቲ ኣዴኡ፣ እታ ንጽህቲ ድንግል ማርያምን፣ ብመልክዕ ጸሎት ገድሊን ሜዳልያ ድሕነትን ዘምጽኡልኩም ህያባት ተቐበሉዎ።

ኣብ መወዳእታኡ ድማ፣ ሂወት ካብ ዝህቦም ንደሓር፣ ንማሕተመይ ንደቂ ሰብ ካብ ዝሃብኩዎም ህያብ ከም ሓደ ካብ’ቶም ዝዓበዩ ህያባት ተቐበሉዎ። ንማሕተም ህያው እግዚኣብሄር ኣቕሪብኩም ክትሕዝዎ እንከለኹም ድማ ብፍሉያት ጿጋታተይ ደጊመ ሂወት ክህበኩም ኢየ። ኩሉም እቶም ነዚ ማሕተም ዝሓዙ ኣብ’ታ ሓዳስ ገነት ቦታ ክዋሃቡ ኢዮም።

ደቀየ፣ ኤፍቅረኩም ኢየ፣ እንተኾነ ግዳ ኣነ ኣቦኹም ኢየ’ሞ፣ ነዞም ፈተናታት ኬፍቅድ ኣለኒ፣ ምኽንያቱ ነቶም ካብ ጎኒ እቲ ኣራዊት ፈጺሞም ዘይፍለዩ ዘበሉ ክጽሂ ስለዝሕግዙኒ። ንልብታቶም ናባይ ክመልስ ዘጥፍኦ ግዜ ዘሴቓቕን ጽልኢ ዝመልኦን ምስ ሚልዮናት ዝወደቑ መላእኽቲን ኣጋንንቲን ውግእ ክፈጥር ኢዩ፣ ዋላ ሓንቲ ነፍሲ ትኹን።

ንኩሉኹም ንጹሃትን ሰብ ትሑታን ልቢን ከምዝባርኽኩም ብምፍላጥኩም ተጸናንዑ። ንኩሉኹም ኤፍቅረኩም ኢየ፣ ስለ’ዚስ ኩሉ ተስፋ ዘይብሉ መሲሉ ኣብ ዝርኣየሉስ ፈጺምኩም ኣላሽ ከይትብሉ፣ ሓይሊ ናተይ ማለት’ሲ ምድምሳስ እቲ እከይ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽረይ ኢዩ ማለት ኢዩ። ኩሉ እምነትኩም ኣባይ ከተንብሩ ኣለኩም፣ ብፍላይ ኣብ’ዚ ፍትሔይ ተሪር ኮይኑ ዝስማዓኩም እዋን።

ዜፍቅረኩም ኣቦኹም

እግዚኣብሄር ልዑል ኣምላኽ

**እዚ ሓዊ ኣብ ልዕሊ’ቶም ጸላእቲ እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪን ኣብ ልዕሊ’ቶም ነዞም ክልተ መሰኻኽር ዘሳጕጉን ክፈስስ ኢዩ**

**ቀዳም፣ ነሓሰ 24, 2013 ሰዓት 23፣15**

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ንስኺን ኩሎም እቶም በቲ ሓቂ ዝተባረኽኩምን፣ ቁጥዔ ሰይጣን ኣንጻር’ዚ ተልእኾ ይውስኽ ከምዘሎ ክትፈልጡ ኣለኩም። ናቱ ብድፍረት ጣልቃ ምእታዉ ማለት’ሲ ሕጂ ብኣካል ኣብ ቅድሜኹም ተራእዩ ኣሎ ማለት’ዩ፣ ንሳልሳይ ግዜ። ብቓንዛ ይግዕር ኣሎ፣ እንተኾነ ኣብ ውሽጥኺ ንዘሎ ብርሃነይ ክጻወር ኣይክእልን ኢዩ። መታን ከየጥቃዓኪ ንምኽልካሉስ፣ ንውዳሴ ማርያም ብምድጋም እቲ ዘድልየኪ ሓይሊ ክትድልቢ ኣለኪ። ኦ፣ ነዚ ተልእኾ ክትብሊ ክትጸርዮ ዝፈቐድኩዎ፣ ነፍሲ.ታት ክርእያ እንተዝኽእላስ፣ ብሰንበድ ሃለዋተን መጥፈኣ።

እቶም ነፍሲ.ታት ኬድሕን ኣብ ዝዳለወሉ እዋን ዝጸርፉኒ፣ እዚ ውግእ ኣብ ዝጽዕቀሉ ግዜ፣ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ዓለም ቅድሚ ምቕራቡ፣ ክውገዱ ኢዮም። **እቲ ካባኹም ዝሓቶ፣ ምእዙዛትን ዝኾነ ሕቶ ዘይትሓቱን ምስ እትኾኑ፣ ብዙሓት ካባኻትኩም ኬድሕን ክኽእልን ካብ ጭብጢ እቲ ኣብ ሓንጎልኩም በቲ እከይ ተተኺሉ ዝርከብ ምትላል ነፂሰ ከውጻኣኩምን ኢየ።**

ኣነ ከም ዝሕልወኩም ኣይትኣምኑን ዲኹም? ሰሪ ምንጻግኩም ንዘለኩም ቃንዛ መታን ክትጻወሩ ሓገዝ ክኾነኩም ንዝህበኩም ጸጋታት ክትቅበሉ እንከለኹም፣ እታ እትቕበል ነፍሲ ዕቃቤታት ወይ ምጥርጣር እንተለዋ፣ እቶም ጸጋታት ትርጉም ከምዘይብሎም ኣይትፈልጡን ዲኹም? ትሹቕረሩን ትሕብኡን እንተኼንኩም፣ ብትሪ፣ ትብዓትን ህያብ መንፈስ ቅዱስን ክመልኣኩም ኣይክእልን ኢየ። ንጻውዒተይ፣ ንፍቕረይን፣ ንህያባተይን ክፉታት ክትኮኑ ኣለኩም።

**እተን ኣብ መጽሓፈ ራእይ ዘለዋ ማሕተማት ድሮ ተኸፊተን ኣለዋ። ሕጂ ተኸፊተን ስለዘለዋ፣ ሓዊ ንሓዊ ክዋግእ ኢዩ።** ናይ ጽልኢ ሓዊ ክነቱግ እንከሎ፣ እቲ ኣራዊት ነብሱ ክዳሉ እንከሎ፣ ኣቦይ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ሓዊ ክዀዒ ኢዩ። **እዚ ውግእ መንፈሳዊ ውግእ ጥራይ ኣይኮነን ክኸዉን። መታን ንተግባራት እቶም ጒጅለ እከይ ኬደናጉዮም ኣቦይ መቕጻዕቲታት ኬውርድ እንከሎ፣ ዓለም ክትንዖ፣ ክትፈናጨልን፣ ሓዊ ክበልዓን ኢዩ።**

በቲ እከይ ኣብ ልዕሊ ዓለም ወሪዶም ንዘለዉ ሓሶታት ብድፉኑ ዝስዕቡዎም፣ ንሓይሊ ኣቦይ ክፈርሑዎ ኣለዎም። ነቲ ጸላኢ እግዚኣብሄር ኬተምልኹ እንከለኹም፣ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ፣ ብዝኾነ ካባኻትኩም ንዝፍጸም እከይ ተግባራት ሕነ ክፈዲ ኢዩ። ነቶም ክልተ መሰኻኽረይ - ነታ ክርስቲያናዊት ቤተ መቕደስን ቤተ እስራኤልን - ዝተዋህበ ሓይሊ ማለት’ሲ ንሃልሃልታ መንፈስ ቅዱስ ከባጽሑ እንከለዉ፣ ካብ ኣፉቶም ሓዊ ክወጽእ ኢዩ ማለት ኢዩ። እዚ ሓዊ ኣብ ልዕሊ’ቶም ጸላእቲ እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪን ኣብ ልዕሊ’ቶም ነዞም ክልተ መሰኻኽር ዘሳጕጉን ክፈስስ ኢዩ። እቲ ንነፍሲ.ታት ዝግበር ውግእ

ኣነኣኢስኩም ኣይትርኣይዎ፣  ነቶም ንቃል እግዚኣብሄር ዝኸሕዱስ ኣዝዩ ዜርዕድ ክኸዉን ኢዩ። እቶም ዝድግፉዎ ድማ ክዕቀቡ ኢዮም፣ መታን እቲ ዝእውጁዎ ሓቂ ነቶም ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ እንታይ ወሪዱ ከምዘሎ ንዘይፈልጡ ክዋሃብ። ስለ'ዚ ኢዩ ንጸጋታተይ ክትቅበሉ ዘለኩም፣ ኣባል ሰራዊተይ ኴንኩም ክትዋግኡ ዘድልየኩም ሓይሊ መታን ክህበኩም፣ መታን ኣነ መደምደምታ ናይ'ቲ ክፍኣት ኬምጽእ።

ናትኩም የሱስ

**እግዚኣብሄር ኣቦ፦ ፍርሑ ንስኹም፣ ኣቱም ደው ኢልኩም ንወደይ እትረግሙ**

ሰንበት፣ ነሓሰ 25, 2013 ሰዓት 18፣00

ኣዚኺ ክብርቲ ጓለይ፣ ብምኽንያት እዚ ኣዝዩ ቅዱስ ተልእኾይ፣ ኣብ ልዕሊ ዓለም ዓብዪ ህያብ ከውርድ ኢየ። ብዘይ ውልውል 200 ሚልዮን ነፍሲታት ኬድሕን ኢየ፣ ክሳብ ክንደይ ኣቐዱሞኒ ብዘየኼድስ፣ ብሰንኪ ምስ'ዚ ተልእኾ'ዚ ዝተሓሓዝ ስቅያት ድማ፣ ነዚ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ክገብሮ ኢየ።

እዚ ተግባር ጣልቃ ምእታወይ፣ ብሰንኪ ሕቶኺ ኢዩ፣ 'ዛ ጓለይ፣ እዚ ተልእኾ ክቕጽል እንክሎ ድማ ዓበይቲ ህያባት ምሃብ ክቕጽሎ ኢየ። እቶም ንዓይ ዜፍቅሩኒ፣ ነቲ ዝገጥሞም ምስጓግ ብዓቕሊ ክጻወሩዎ ኢዮም፣ ምጽዋሮም'ውን ክቕጽልዎ ኢዮም፣ ምኽንያቱ እዚ ኢዩ ባህገይ።

ኣቲ ክብርቲ ንእሽቶ ጓለይ፣ ቅዱስ ቃል ወደይ ምእዋጅ ብምቕጻልኪ እቶም ዘሳጉኺ፣ ነዚ ክፈልጡ ኣለዎም። ንወደይ ከም ክፉእ እንተገለጽኩሞ፣ ክቕጽዓኩም ኢየ። ንኣዝዩ ቅዱስ ቃሉ ናይ ክፍኣት ኢዩ እንተኢልኩሞን ሽዑ ድማ ደቂ እግዚኣብሄር ኢና እንተኢልኩም፣ ናብ በዱ ክስንድወኩም ኢየ። ነቢየይ ነዚ ተልእኾ ኣብ መፈጸምታኡ ኬተብጽሕ ዝኾነ ዝዓግታ ኣይክህሉን ኢዩ። ብፍጹም። ከምድልየትኩም ፈትኑ፣ ኣይክትዕወቱን ኢኹም፣ ምኽንያቱ ፈጺምኩም ንዘይትስዕሩዎ ውግእ ኢኹም ክትዋግኡ። ኩሉ ዝካኣሎ ሓይለይ ኣይክትንከፍን፣ ኣይክዕንቀጽን፣ ወይ ኣይክብዳህን ኢዩ። ዓለም ንምድሓን ኣብ ዝገብሮ መለኮታዊ ጣልቃ ምእታወይ ክትብድሁ ፈትኑ እሞ፣ ነድረይ ክትርእይዎ ኢኹም። ክትድምሰሱ ኢኹም። ፍርሑ ንስኹም፣ ኣቱም ደው ኢልኩም ንወደይ እትረግሙ። ትዕቢትኩምን ዘይምእዙዝነትኩምን እቲ መውደቒኹም ክኸውን ኢዩ። ብመንገዲ ናይ ቀደም ነቢያት፣ ሳዕቤናት ዕሸሽ ምባል ድምጼይ ኣጠንቂቐ ኢየ።

እቲ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ ዝወርድ መፈለምታ'ቲ ናይ መወዳእታ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ንኽፍጽም ሕጂ ንቕድሚት ይስጉም ኣሎኹ። እቲ ናይ መወዳእታ ውግእ ክካየድ ፈቒደ ኣሎኹ። እቲ እኪይ ነቶም ናብኡ ዝሰሓቡ ክዓስሎም ናይ መወዳእታ ዕድል ሂበዮ ኣሎኹ። ነዚ ዝገብሮ መታን ብምሕረት ወደይ፣ ነፍሲታት ነቲ ኣራዊት ክቃወሙዎ ኢዩ። ነዚ ዝገብርዎ ንወደይ ብዘለዎም ተኣማንነት ኢዩ። እቶም ንወደይ ኮነ ንዓይ ዘይፈልጡኒ፣ ድሕነት መታን ከረኽቡስ ዓበይቲ ጸጋታት ክዋሃቡ ኢዮም። ኩሉ ድሕነት ብሓይሊ ምሕረተይ ኢዩ። እቶም ነቓጻት ተረርቲ ልብታት ጥራይ ኢዮም ነቲ ኣራዊት እሙናት ኮይኖም ክጸንሑ። ንኹሎም ካልኦት ናባይ ገጸይ ክስሕቦም ኢየ። ቅድሚ'ታ መወዳእታ መዓልቲ፣ ኣብ ቅድሚ ወደይ ገዛእ ርእሶም መታን ኬድሕኑስ፣ ነፍሲ ወከፍ ዕድል ነነፍሲ ወከፍ ነፍሲ ከም ዝተዋህበ ኬረጋግጽ ኢየ።

እዚ ናይ መወዳእታ ተልእኾ ካብ መጀመርትኡ ኣብ ሰማያት ተፈጢሩ ኔሩ። ኩሎም መላእኽቲን ጻድቃናትን ንኹሎም ደቀይ ናባይ ናብ ፍቑር ኣቦኦም ክመልሱዎም፣ ብሕብረት ይሰርሑ። እቲ ናይ መወዳእታ ጉዕዞ ሕጂ ኢዩ። ኩሉኹም ምስ ወደይ

እትስጉሙ፣ ኣብ'ዚ እዋን ናብኡ ቅረቡ። ነቲ ንሱ ዝብለኩም እንተዘይሰሚዕኩም ነዚ ቃንዛ ዝመልኦ ጉዕዞ ክትጻወርዎ ኣይክትክእሉን ኢኹም። በቶም ሕቖኹም ክትህቡ ከጌድዱኹም ቀትሪን ለይቲን ዝሰርሑ ኣይትነነዉ። እዚ ክኸዉን እንተፈቒድኩም፣ መሊስኩም ነብስኹም ኬተልዕሉዋ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ኮይኑ ክትረኽቡዎ ኢኹም።

ብዘይ ወደይ ሓንቲ'ኳ ኣይኮንኩምን። ብዘይ ብኣይ ሓንቲ'ኳ ኣይኮንኩምን። ንኹሉ ጠንጢንኩም ነቲ ሓቂ እንተዘይስዒብኩሞ፣ ፈጺምኩም ኣይክትረኽቡዎን ኢኹም።

ነቲ ኣነ ንዓለም ዝህቦ ሓቂ ክትዓግትዎ ፈትኑ'ሞ፣ ፈጣሪኹምን ኣነን ክንወቕዓኩም ኢና፣ ብኸያትኩም ድማ ምጽንናዕ ኣይክህልዎን ኢዩ። ነቶም ካባይ ንላሊ ንፈልጥ ኢና ዝብሉ ኩሩዓትን ዕቡያትን ናብ በዱ ክስንድዎም ኢየ። ንቃለይ ክትቃወሙ እንከለኹምን ከድሕነኩም ክፍትን እንከለኹ ንህላዌይ ክትኽሕዱ እንከለኹምን ኣይክትዕወቱን ኢኹም። ምስጋና ኣልቦ ሰብ። ሒደት ግዜ ተሪፉካ ኣሎ። ንዓይ ብምስማዕ፣ ናባይ ክትመጽእ ትኽእል፣ እንተኾነ ነዚ ክትገብር እትኽእል ብገጽካ ፍሑኽ ኢልካ ኣብ ቅድሚ ወደይ ብትሕትና ምስ እትድፋእ ኢዩ። ተልእኾይ ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ መድረኽ በጺሑ ኣሎ፣ በቶም ጸላእተይ ዝኾኑ ከም ሕሱም ክንቀፍ ኩሉ ጻዕሪ ክግበር ስለዝኾነ። እዚ ክኸዉን ይመስል፣ እንተኾነ እቶም ጸላእተይ ሒደት ግዜ ከምዘለዎም ፍለጡ፣ ኣብ ቀረባ ዓቕለይ ምስተጸንቐቐ፣ ኣይክህልዉን ኢዮም፣ ገጸይ ፈጺሞም ኣይክርእዩዎን ኢዮም እሞ።

ኣቦኹም

እግዚኣብሄር ልዑል ኣምላኽ

**እቶም ፈሪሳውያን ኣብ መወዳእታ ንዓይ ቅድሚ ምስቃሎም ንብዙሓት ገሪፎምን ቀቲሎምን**

ሶኒ፣ ነሓሰ 26, 2013 ሰዓት 20፤20

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ኣነ ቅድሚ ምስቃለይ፣ ብዛዕባይ ብዙሕ ጽልኢ ዝመልኦም ሓሶታት ብጸላእተይ ተፈጢሮም ኢዮም። እቶም ፈሪሳውያን ብዛዕባይ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ክውስኑ ብዙሕ ግዜ ኣኼባ ጌሮም። ንሓደ ደቒቕ እኳ ትኹን ኣነ ንደቂ ሰብ ኬድሕን ብእግዚኣብሄር ዝተላኣኽኩ ምዃነይ ኣይተቐበሉን። ክንደይ ይጸልኡኒ ኔሮም። ክንደይ ነቶም ዝሓዙዎም ደቀ መዛሙረይ ጨዲሮምሎምን ኣሳቒዮሞምን።

ኣብ መወዳእታ ንዓይ ቅድሚ ምስቃሎም እቶም ፈሪሳውያን ንብዙሓት ገሪፎምን ቀቲሎምን። እቲ ኣረሜንነቶምን ክፍኣቶምን ኣንጻር ኣስተምህሮ እግዚኣብሄርን ኣንጻር እቲ ኣዝዩ ቅዱስ መጽሓፍን ነበረ። ንዓይ ክሃድኑኒ እንከለዉ፣ እዚ ደው ኣየበሎምን። ንቃል እግዚኣብሄር ይሰብኩ፣ ሽዑ ድማ ንቃል እግዚኣብሄር ይቃወሙ - ኩሉ ኣብ ሓደ ግዜ። ኮኒኖምኒ ጥራይ ዘይኮነ፣ እግዚኣብሄር ከምዚ ዓይነት መሲሕ ፈጺሙ ኣይሰድድን ኢዩ ኢሎም ኣዊጀም። ንትሑታትን ድኻታት ሰባትን ከምኡ’ውን ብሃይማኖታዊ ትምህርቲ ኣፍልጦ የብሎምን ንዝበልዎም ይንዕቁዎም ነበሩ። ንዓይ ዘለዎም ጽልኢ ንብዙሓት ናብ ኣብያተ መቕደስ ዝመጹ ዝነበሩ መሳኪን ነፍሲታት ከምዝፈርሑ ገበሮም። እቶም ነቶም ፈሪሳዊያን ስለምንታይ ንዓይ ከምዝኾነኑኒ ዝሓተቱ፣ ንሶም ንባዕሎም ንዓይ መንጸጊኦም ምኽንያት ደፊሮም ስለዝሓተቱ ተኾኒኖም።

ኣብ ምድሪ ኣብ ዝተጓዓዝኩሉ ግዜ ብዙሓት ናይ ሓሶት ነቢያት ይሰብኩ ነበሩ’ሞ፣ ኣነ ከም ጽሉልን ክጽመምዎ ዘይብሎም ተቖጺረ። ብዙሓት ካብ’ዞም ናይ ሓሶት ነቢያት ካብ መጽሓፍ ዘፍጥረት እንዳጠቐሱ ንእግዚኣብሄር ዜቐይሙ ዓሻ ነገራት ኢሎም፣ እንተኾነ ግዳ ንዕኦም ተጸሚሞሞምን ብዙሕ ኣቓልቦ’ውን ኣይተዋህቡን።

ዋላ’ኳ እቶም ኣነ ዝፈጸምኩዎም ተኣምራት ርእዮሞም እንተኾኑ፣ ሕጂ’ውን ኣዒንቶም ነቲ ሓቂ ኣይከፈቱን፣ ክርእዩ ኣይደለዩን’ሞ። ኣቐሽሽቲ ናይ’ቲ ግዜ ብዙሕ መደረ ገበሩ፣ ንሱ ድማ ኣነ ወዲ ሰይጣን ምዃነይን ዝኾነ ምሳይ ርክብ ከምዘለዎም ዝተራእዩ ሰባት ካብ ኣብያተ መቕደስ ከም ዝስጎጉ ኣጠንቀቑዎም። ንዓይ ዝነጸጉኒ ምኽንያት ካብ ትሑታት ስድራቤታት ስለዝኾንኩን ንልዑል ትጽቢቶም ዝበቅዕ ትምህርቲ ስለዘይነበረኒን ኢዩ። ስለ’ዚ፣ ወሲኖም፣ ኣነ እቲ መሲሕ ክኸዉን ከምዘይክእል። እቲ መሲሕ ካብ መሳርዖም ክመጽእ ኢዮም ተጸቢዮም ኔሮም። በዚ ድማ፣ ብዛዕባይ ዝኾነ ነገር ኩሉ ጸሊኦሞ። ብቃላተይ ስግኣት ሓዲሮዎም፣ ንሱ ድማ ዋላ’ኳ ንዓይ ይንጸጉኒ እምበር፣ ብገለ ዘይተረድኦም መንገድስ ቃላተይ ተንኪፍዎም ኢዩ።

ንቀዳማይ ምጽኣተይ ኣይተዳለዉን ኔሮም። ብርግጽ ድማ ንዳግማይ ምጽኣተይ ሎሚ’ውን ኣይተዳለዉን። ዝኾነ ኣነ ነቢይ እግዚኣብሄር ኢየ፣ ንደቂ ኣምላኽ ብዛዕባ ዳግማይ ምጽኣት ከጠንቕቕም ተላኢኼ ክብል ዝደፍር ክጽመሙዎ ኢዮም፣ ክሳብ

ነቲ ሓቂ ዘይገለጾ። እንተኾነ ሓደ ሓቀኛ ነቢይ ነብሱ ገሊጹ ብዛዕባ ቃል እግዚኣብሄር እንተተዛሪቡ፣ ንሱ/ንሳ ይጽላእ/ትጽላእን ብቓልዕ ድማ ይኹነን/ትኹነንን። ዳግማይ ክመጽእ ምኽንየ ንዝኣተኹዎ መብጽዓ ብዘይምፍላጥ ቀጥታዊ ኩነኔ ክትርእዩ እንክለኹም፣ ከምኡ ድማ እቲ ጽልኢ ኣዝዩ ክፉእ ካብ ምኺኑ ዝተላዕለ እቶም ፈጸምቱ ንቃል እግዚኣብሄር ክጥሕስዎ እንከለዉ፣ ሽዑ ንዓይ ከምዝጸልኡ ክትፈልጡ ኢኹም። ኣነ ጥራይ ኢየ ከም'ዚ ዓይነት ጽልኢ ካብ ሓጥኣን ክስሕብ ዝኽእል። ድምጻይ ጥራይ ኢዩ ከም'ዚ ዓይነት ተቓውሞ ከለዓዕል ዝኽእል።

ሕጂ ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ምድሪ እንተዝመላለስ፣ ደጊሞም ምሰቐሉኒ። እቶም ነፍቅሮ ኢና ዝብሉን ኣብ ውሽጢ'ታ ክርስቲያናዊት ቤተ መቕደስ ንደቀ መዛሙርተይ ዝመርሑ፣ ብዘሕዝን መልክዑ፣ እቶም ነታ ናይ መጀመርታ መስማር ኣብ ስጋይ ዝስምሩ ናይ መጀመርያ ሰባት ክኾኑ ኢዮም።

ዘክሩ፣ ዝኾነ ካባኻትኩም'ሲ ንነብሱ ቅድሜይ ክሰርዕ ዝበቅዕ የለን። ማንም ካባኻትኩም ብቓልዕ ንቃለይ ክኹንን ስልጣን ዘለዎ የለን፣ ከይፈለጥኩምኒ። ንስኹም፣ እቶም ናይ ኣቦይ ናይ መወዳእታ ኪዳን ክፍጽም ክፍትን እንከለኹ እትኹንኑኒ፣ ሕንከት ዝበሃል የብልኩምን። ትዕቢትኩም የፈንፍነኒ። ብዓይነይ'ሲ፣ ባዕልኹም ንገዛእ ነፍሲታትኩም ኮኒንኩማ ኣለኹም። ብዛዕባይ ዋላሓደ ኣይተማሃርኩምን። ብቅዱስ ጽሑፍ ኣይትኣምኑን ኢኹም፣ ምኽንያቱ ንፍጻመ ዳግማይ ምጽኣተይ ስለእትኽሕዱ።

ክንደይ ነፍሲታት ከምዘኽሰርኩምኒ ክትጽብጽቡወን ኣብ'ታ መወዳእታ መዓልቲ ክትሕተቱ ኢኹም። ኣብ'ታ መዓልቲ፣ ንምሕረተይ ክተእውዩ እንከለኹም፣ ዓይነይ ክትርእዩኒ ኣይክትክእሉን ኢኹም።

ናትኩም የሱስ

**ንነፍሲ ወከፍ ናይ ኵናትን ራዕዲን እከይ ተግባር፣ እግዚኣብሄር ነጺሉ ከውጽኦምን ከም ከውሒ ክሳብ ዝደርቁ ክወቕዖምን ኢዩ**

ሰሉስ፣ ነሓሰ 27, 2013 ሰዓት 23፣45

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ዓለም ኣዝዮም ኣሰቀቕቲ ውግኣት ኬተሕልፍን ጽልኢ ኣስፋሕፊሑ ንብዙሓት ሃገራት ክልብድን ኢዩ። ዘይምርግጋእን ምክፍፋልን ኣብ መብዛሕትኤን ሃገራት ክህሉን፣ ሰባት ሽው ክእመን ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ግዜያት ከምዝተቐየሩ ክፈልጡ ኢዮም።

ኣበርቲዕኩም ክትጽልዩ ኣለኩም፣ መታን እቲ ጠንቂ ብዙሓት ኲናታት ዝኾነ ወሪዱ ዘሎ ምትላል፣ ብሓቂ እንታይ ከምዝኾነ ክቃላዕ ኣለዎ - ዓሚቕ ምፍልላይን ጽልኢን ኣምጺእካ ንምቁጽጻር። ኣቦይ ነቶም ጨቆንቲ ክቕጽዖም ኢዩ፣ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ብርሰትን ቃንዛን ስለዘምጽኡ። ንብዙሓት ይቐትሉን የሰንክሉን ይኾኑ፣ እንተኾነ ግዳ ሰሪ ኽፍኣቶም ብኣቦይ ክውቅዑ ኢዮም።

እቶም ኲናት ክንፈጥር ንኽእል ኢና፣ ንዓለም ክነዔሽዋ ኢና ኢሎም ዝኣምኑ ንክፉእ ተግባራቶም ክኝሃሩሉ ብዙሕ ግዜ ኣይክረኽቡን ኢዮም። ዕጭኦም ተወሲኑ ኢዩ። ምትእትታው ኢድ እግዚኣብሄር ኣብ ኩሉ ክፋላት ዓለም ክርኤ ኢዩ። ንነፍሲ ወከፍ ናይ ኲናትን ራዕዲን እከይ ተግባር፣ እግዚኣብሄር ነጺሉ ከውጽኦምን ከም ከውሒ ክሳብ ዝደርቁ ክወቕዖምን ኢዩ።

ብኢድ ሰብ ዝተፈጥረ ኲናት ስጋዊት ሂወት የጥፍእ። ናይ ኣቦይ መቕጻዕቲ፣ ናይ ነፍሲ ሂወት፣ ህያብ ድሕነት ከይትረክብ ይዓግት።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፡- ኣብ'ታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ብርሃን ክቕድድ እንከሎ፣ ኣብ ሙሉእ ዓለም ብርቱዕ ድምጺ መለኸት ክስማዕ ኢዩ**

ረቡዕ፣ ነሓሰ 28, 2013 ሰዓት 20፣00

ደቀየ፣ ኣንጻር ወደይ ዝቕንዑ ጸርፍታት እናርኣኹም ኣብ ትጸወሩሉ ግዜ፣ ከሓቕኈፈኩም ፍቕዱለይ።

ነዞም ቅዱሳት መልእኽታት ሰሚዕኩም ክትርድእዎም እንተተማሂርኩም፣ ሽዑ ብዙሓት ካባኻትኩም ንቕድሚት ክትግስግሱ ኢኹም፣ ንዓለም ብዛዕባ ኣብ መጻኢ ዘሎ ግዜ ከተጠንቅቑ፣ እግዚኣብሄር መታን ንደቂ ነታ ሓዳስ ገነት ከዳሉ።

ክርዳኣኩም ዘለዎ ንወደይ ብእትሰርሑዎ ስራሕ ክትጽልኡ ምኽንኩም ኢዩ። ብብዙሓት ተቐባልነት ኣይክትረኽቡን ኢኹም፣ ብሰንኩ ድማ ስቓይን ውርደትን ክቴሕልፉ ኢኹም። ንነፍሲ ወከፍ እትወስዱዋ ስጉምቲ፣ ዕንቅፋት ክገጥመኩም ኢዩ ምኽንያቱ ኣብ ኣሰር መንገዲ ወደይ ትስጉሙ ስለ ዘለኹም።

ሓደ'ኳ ካባኻትኩም ነዚ ቀሊል ኮይኑ ኣይክረኽቦን ኢዩ፣ ክሳብ ህድኣት ብዝመልእ ተማእዛዝነት፣ እዚ እትጽበዩዎ ነገር ምኳኑ እትቕበልዎ። እቶም ንወደይ ዝሰዕቡዎ፣ እንተኾነ ነዞም መልእኽታት ዘይቅበልዎም፣ ከይተረፉ ብስሙ ክቃለሱኹምን ከሳጒጉኹምን ኢዮም።

ወደይ ነብሱ ከላሊ እንከሎ ንቃላቱ ከጥቅዕዎምን ዓብዪ ምክፍፋል ከምዘምጽኡን ክትቅበሉዎ ኣለኩም። ከምዚ'ኦም ዓይነት መጥቃዕቲ ስለምንታይ ከምዝገጥሙኹምን፣ ኣብ ክንድኡ ኳንኩም ንዓለም ክትዛረቡ ከለኹም ስለምንታይ ከምእትቕጽዑ ክትርድኡ እንከለኹምን፣ እዚ ስራሕ ቀሊል ኳይኑ ክትረኽቡዎ ኢኹም።

እቲ ዘሕዝን፣ ክሳብ ዕለተ ዳግማይ ምጽኣቱ እዚ ምስጓግ ክቕጽል ኢዩ። በጃኹም፣ ንዕኡ ክትብሉ፣ ነዞም ፈተናታት ንስለ ፍቕሩ ኢልኩም ተቐበልዎም እሞ፣ ብምኽንያት እዚ ስቅያትኩም ንእግዚኣብሄር ዓብዪ ክብሪ ክትህቡዎ ኢኹም። ዝኾነ ክፋል እዚ ስቅያት ድማ ንብላሽ ኣይክኸውንን ኢዩ፣ ምኽንያቱ ስለ ፍቕሪ የሱስ ምስ እትቕበሉዎ፣ ንደቂ ሰብ ንምድምሳስ ዘለዎ ውጥን ብምድኻም ነቲ እከይ ይስዕሮ።

ነዚ ተልእኾ ዝቃለሱዎ መሳኪን ነፍሲታት ይቕረ ግበሩሎም። ብስም ወደይ ንእትጽመሙዎ ጭካነ ሸለል በልዎ። ንወደይ ብዘለኩም ፍቕሪ ክጸልኡኹም እንከለዉ፣ ብእግዚኣብሄር ኣዚኹም ሞገስ ከምእትረኽቡ ተቐበሉዎ።

ንቶም ብዛዕባ እቲ መጽሓፍ ሓቂ ንከይትዛረቡ ዝኸልክሉኹም ቅዱሳት ኣገልገልቲ ይቕረ ግበሩሎም። ነቲ ሓድሽ ጅማረ ንደቂ ሰብ ከዳልዎም እግዚኣብሄር ዘለዎ ገዚፍ ውጥን ኣይርድኡዎን ኢዮም፣ ንሶም ንባዕላቶም ድሉዋት ኣይኮኑን እሞ። ብዙሓት ካብኣቶም እቲ ዝገብርዎ ተግባር ንወደይ ካብ ዘለዎም ፍቕሪ ዝተላዕለ ኢዩ። ከሃስዩ ደልዮም ኣይኮኑን። ብሓጺሩ ኣይርእዩን ኢዮም፣ ክርእዩ ስለዘይክእሉ።

ኣነ፣ ኣዴኹም፣ ክሳብ እታ መወዳእታ መዓልቲ እትቐርብ ከይተሰነፍኩም ነዚ ጉዕዞ ክትሓልፉዎ መታን ክሕግዘኩም ስልጣን ንኽዋሃበኒ ጸልዩ፣ ጸልዩ፣ ጸልዩ። ኣብ’ታ ዕለት፣ ብርሃን ክቕድድ እንከሎ፣ ኣብ ሙሉእ ዓለም ብርቱዕ ድምጺ መለኸት ክስማዕ ኢዩ። ከም’ቲ እትጽበይዎ ዓይነት ድምጺ ክጥዕም ኢዩ፣ ዝማሬ መዘምራን መላእኽቲ ድማ ክስዕቦ ኢዩ። እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር፣ ዓቢ ከተማ፣ ንእሽቶ ከተማ፣ ዓዲ - ኣብ ኩሉ - ክስማዕ ኢዩ። ሽዑ፣ ንስኺ፣ ‘ዛ ጓለይ፣ ከም ሻብዓይቲ መልኣኽ፣ ወደይ ከምዝመጼ ክትእውጂ ኢኺ። ሰማያት ናብ ወርቃዊ ሕብሪ ክቕየሩ ኢዮም፣ ሽዑ ከይጸንሔ ድማ ነፍሲ ወከፍ ሰብኣይ፣ ሰበይቲን ህጻንን - ነፍሲ ወከፍ ሓጥእ - ተኣምር ክርኢ ኢዩ። ወደይ ኣብ ደመናታት ክግለጽ ኢዩ ልክዕ ከም’ቲ ክኸይድ እንከሎ ዝነበረ። ድሕሬኡ ንኹሎም እቶም ምሕረት እግዚኣብሄር ዝተቐበሉ ካብ ሰማያት፣ እታ ሓዳስ የሩሳሌም - እታ ሓዳስ ጅማረ - ክትወርድ ኢያ።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**ንነፍሲታቶም ክትጽልዩለን ኣለኩም፣ ንሳቶም ሸይጦመን ኢዮም'ሞ**

ሓሙስ፣ ነሓሰ 29, 2013 ሰዓት 23፣53

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ እቶም ንናይ ገድሊ ጸሎተይ ብትግሃት እትጽልዩ፣ ካብ መፈንጠራ ዲያብሎስ ንዓለም ሩፍታ ከምዘምጽኣላ ፍለጡ ኢኹም።

ንናይ ገድሊ ጸሎተይ መዓልታዊ ክትጽልዩ ክትጽዕቱ እንከለኹም፣ እቲ ናይ ቀደም ከይሲ ሓይሊ ኣጥፊኡ ይወድቕን ይዕንቀፍን። እቶም ግዜያት ዓበይቲ ፈተናታት እናቐጸሉ'ኳ፣ ጸሎታትኩም ኣብ'ቶም ብሜሰናውያን ሓይልታት ዓለም ዝተወጠኑ ኣብ ዓለም ዕንወት ኣምጺእካ ንድኹማትን ሰንኮፋትን ንምቁጽጻር ዝተነድፉ ውጥናት ብዙሓት መሰናኽላት ከፈጥሩ ኢዮም። ብልቢ ዝተደግመት ሓንቲ ናይ ገድሊ ጸሎት፣ ሓይሊ ዕቡያት ሕልና ዘይብሎም ፖለቲካውያን መራሕቲ ኣብ ምድምሳስ እኽልቲ ኢያ።

ኣነነት መርገም ኢዩ፣ ከምኡ'ውን ወዲ ሰብ ብስኒትን ሰላምን ክነብር ንዘለዎ ክእለት ድማ ጸገም ኢዩ። ብውልቃዊ ህርፋን ክትግበት እንከለኻ ብዘይካ ምፍልላይ ካልእ ዝኽሰብ ነገር የለን፣ ሰብ ዝያዳ ንኽረክብ ኑቶም ክዕብልሎም ከምዘድልዮ ዝስምዖ ክዕብልሎም ስለዝጽዕት።

እቶም ኣብ ናይ ስልጣን ቦታ ዘለዉ ብኣዒንቲ እግዚኣብሄር ጽሉእ ከም ዝኾነ ንእትፈልጡዎ ተግባር ክትፍጽሙ ክእዝዝኹም እንከለዉ ብድፉኑ ንትእዛዛቶም እትስዕቡ፣ ንስኻትኩም'ውን ማዕረ'ቶም ነቲ ክፍኣት ክትፍጽሙ ዝፍትኑኹም በደለኛታት ኬንኩም ክትርከቡ ኢኹም። እቶም ብብልሹው ተግባራትን ካልእ ኣገባባትን ስልጣኖም ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዝፈጠሩ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ነቲ ዘደንቕ መንግስተይ ከስተማቕሩዎ ዝምነዩ እንተኼኖም፣ ብዙሕ ዝስራሕ ስራሕ ክህልዎም ኢዩ።

ነቶም ሞንጎኹም ዘለዉ ስሱዓትን ዕቡያትን ከውድቐኩም ኢየ። ክሳብ ከም'ቶም እትረግጽዎም ትሕትና ትገብሩ ናብ ባይታ ክድርብየኩም ኢየ።

ንልቢታት እቶም ብዘይካ ገዛእ ድሌቶም እምበር ድሌት ዝኾነ ካልእ ዘየገድሶም፣ ሰብ ተረርቲን ነቓጻትን ነፍሲታት ቀዲደ ከውጽኤን ኢየ። ከፍቅሩ ዘይክእሉ እንተኼይኖም፣ ልቢ ከምዘይድልዮም ከማሃሩ ኢዮም። ኣብ ከንዲ ፍቕሪ፣ ክምለኹ ጥራይ ኢዮም ዝደልዩ። እዞም ኣብ ዓለም ብዝኾነ መልክዑ ኣብ ቅድሜኹም ክብ ኢሎም ዝርኣዩ መሳኪን ነፍሲታት፣ ግዳያት ሰይጣን ኢዮም። ኣብ ከንዲ ንተጃሃርነቶም ተጣቕዑን ነቲ ብሓፋሽ ክምለኹ ዘለዎም ዘይዓግብ ድሌት ትቕበሉን፣ ንነፍሲታቶም ጸልዩለን ብዙሓት ሸይጦመን ኢዮም እሞ።

ንብዙሓት ክጸልዉሉ ኣብ ዝኽእሉሉ ደረጃ ዘለዎም፣ እንኮላይ ኣብ ፖለቲካ፣ ኣብ ናይ ሙዚቃ፣ መራኸቢ ብዙሃንን፣ ናይ መዘናግዒ ንግድን ዓለም ዘለዉ፣ ከምኡ'ውን እቶም ኣብ ዝላዓለ ገንዘባዊ ስልጣን ዘለዉ ኣብ ልብኹም ክዝከሩ ኣለዎም፣ ምኽንያቱ ብዙሓት ናይ ገዛእ ነብሶምን ንህርፋናቶምን ባህጊታቶምን ጥራይ ንዘገልግሉ ድሌታቶም ጊላታት ኮይኖም ኣለዉ። ነቶም ንዕኦም ክመስሉ ዝፍትኑን ነቶም ካብ እግዚኣብሄር ንዝፈለይዎም መንገዲ ሂወቶም ዝቐድሑን ንጹሃት ሰባት ይወርሩ።

ኣነ፣ የሱስ፣ በቶም ብዘይካ ስልጣን፣ ሃብቲን፣ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ጽልዋ ክህልዎም ጥራይ እምበር ካልእ ዘይደልዩ ሰባት ንዝተፈጥሩ ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ከይትስዕብ ንዓለም እኹንን።

ምስፍሕፋሕ ክሕደተ-እግዚኣብሄር፣ ብሰንኪ ሓበን ወዲ ሰብ ኣብ ክእለቱ ዝመጸ ኢዩ። እዚ ብሰንኪ፣ መዋቲ ሰብ፣ ህያብ ሰብኣዊ ብልሒ ስለዘለዎ፣ ንሓቀኛ ትርጉም ሂወትኩም ኣብ ምድሪ ኩሉ መልሲታት ኣለዎ ዝብል ናይ ሰብ እምነት ዝመጸ ኢዩ።

ንኣሽቱ ነፍሲታት ካባይ ጠፊኦምኒ ኢዮም፣ ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ብመልክዕ ዓለማዊ ነገራት፣ ፋሽን፣ ሙዚቃ፣ ናይ ዓለም መዘናግዒን ስለዘምልኹ ። ንሂወት ከስተማቕሩዋ የብሎምን ማለት ኣይኮነን - ምኽንያቱ እዚ ደስ ኢዩ ዘብለኒ - ንዓይን ንገዛእ ነብሶምን ፍቕሪ ስለዘይብሎም ኢዩ ዘሕዝነኒ። ንጹሃትን ፍጹማትን ኴይኖም ኢዮም ተወሊዶም። ኣካላቶም ህያብ ሰማያት ኢዮም። ንነብሲታቶም የራኽሱን፣ ንንጹሃት ነፍሲታት ናብኣቶም ንምስሓብ ብዕሉግ ነገራት ንክፍጽሙ ሕንከት ዝበሃል የብሎምን። ብዙሓት ካብ'ቶም ከም'ዚ ዓይነት ጽልዋ ዘለዎም፣ ነዚ ካብ ዲያብሎስ ዝሰረጾም ህያባቶም ክብሉ ንነፍሲታቶም ሸይጦመን ኢዮም። እዞም ህያባት ዝተዋህቡሉ እንኮ ምኽንያት፣ ከም ብእግዚኣብሄር ዝተዋህበ ትዕድልቲ፣ ንዓለም ሓጎስ ንኽምጽኡ ኢዩ ኔሩ። እንተኾነ፣ ሰይጣን ከም ቅያር ነፍሲታቶም ሃብቲ፣ ሕሉፍ ኣድናቖት፣ ዝናን፣ ተድላን ዝተመልኤ ዘደንቕን ዘብለጭልጭን ሂወት ንብዙሓት ፈቲኑዎምን ተማባጺዕሎምን። ነዚ ህያባት ምስተቐበሉ ድማ፣ ብድሕርኡ ካልኦት ነፍሲታት ንምልባዕ ተጠቒሞምሉ። ብኸምዚ ድማ፣ ይቕጽል ኣሎ፣ ክሳብ ሚልዮናት ካልኦት ነፍሲታት ንሰይጣን ግዙኣት ዝኾና። ብዙሓት ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ዝስዕቡ ነፍሲታት ናብ ወልፊ ኣወለፍቲ-ነገራት ይስሓቡ። ሕፍረት፣ ምቕልሉነት ኮነ ፍቕሪ ሓድሕድ የብለንን፣ ነፍሲ ወከፈን ዝላዓለ ኣቓልቦ ክረኽባ ስለዝተሃላለኻ።

ክቱር ፍቕሪ ነብሶም ዘንቅሎ፣ ንክብሪ ነብሶም ኣብ ዝገብርዎ ቃልሲ ብዙሕ ግዜ ካብ ምጥፍኦም ዝተላዕለ፣ እግዚኣብሄር ዝኾነ ተራ ኣብ ሂወቶም ጠቕሊሉ የብሉን። ብዙሓት ንቅዱስ መስቀል ብምርኻስ ንእግዚኣብሄር ብቓልዕ ነጺጎሞ ኢዮም - ሕፍረት ዝበሃል የብሎምን። ኣነ ጣልቃ ዝኣቱ እንተዘይከውን፣ ኣዝዩ ዘሰቅቕ ዕጫ ከምዝገጥሞም ፍለጡ። እዚኦም ሓደ ጉጅለ ዝጠፍኡ ነፍሲታት ጥራይ ኢዮም፣ ነዚኦም ኣኪበ ህያብ ድሕነት እህቦም ኢየ፣ ሳላ ጸሎት ናትኩም ፍቑራት ሰዓብተይ። ብመንገዲ እዚ ፍሉይ ጸሎት፣ ናብ ዑቕባይ ክወስዶም ኢየ።

ጸሎት ገድሊ (117) ስለ እቶም ነፍሲ.ታቶም ዝሸጡ

*ክቡር የሱስ፣ ንነፍሲታት (ኣስማቶም ኣብ'ዚ ዘርዝር)ን ንነፍሲታት ኹሎም እቶም ነፍሲታቶም ብዋጋ ዝና ዝቐየሩ እውፌ ኣለኹ።*

*ካብ'ቲ ወሪርዎም ዘሎ ኣናግፎም። ካብ ስግኣት እቶም ዝውሕጥዎም ኢሉምናቲ (እቶም ልዕሊ ሰብና ዝነቓሕና ኢና ዝብሉ ጉጅለ) ምለሶም።*

*ካብ'ዚ ክፉእ ባርነት ብዘይ ፍርሒ ከምልጡ ትብዓት ሃቦም። ናብ ሑቖፊ ምሕረትካ ውሰዶም፣ ከምኡ'ውን ናብ ጸጋ ዝመልኦ ኩነት ሓብሒብካ ምለሶም፣ መታን ኣብ ቅድሜኻ ደው ክብሉ ብቑዓት ክኾኑ።*

*ስለ እቶም ሰይጣን ዝጥቀመሎም ነፍሲታት፣ ካብ ሜይሰነሪ (ጉጅለ ኑዳቕ) መንጢለ ከውጽኦም፣ ነዚ ጸሎት ክገብር እንክለኹ ብመለኮትነትካ ሓግዘኒ። ካብ'ቲ ቀዪድዎም ዘሎን ኣብ ክፍልታት ገሃነመ-እሳት ንሕሱም ስቓይ ከቃልዖም ዝኽእልን መቑሕ ነጻ ኣውጽኣዮም።*

*ብመንገዲ ስቓይ እተን ምሩጻት ነፍሲታት፣ ብመንገዲ ጸሎተይን፣ ብመንገዲ ምሕረትካን፣ ናብ መዓጹ እቲ ሓዳስ መዋእል ሰላም - እታ ሓዳስ ገነት ክኣትዉ ድሉዋት ክኾኑ ኣብ ፊት እቲ ሪጋ ክኾኑ ርድኣዮም። ካብ ምሩኻነት ክትፈትሖም እልምነካ ኣለኹ። ኣሜን።*

*ናትኩም የሱስ*

**ኣብ ኩሉ ቦታታት ዓብዪ ሓጎስ ክኸዉን ኢዩ። እዚ ድማ ን100 መዓልታት ክጸንሕ ኢዩ**

ዓርቢ፣ ነሓሰ 30, 2013 ሰዓት 20፣24

ኣዕዚዝኪ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ፣ መታን ነታ ኣደናቒት፣ ዝተሓደሰት ምድሪ - እታ ሓዳስ ገነት ነብሶም ከዳልዉ'ሲ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ትንቢታተይ ከምእትሰምዕ ኣረጋግጺ። ነፍሲ ወከፍ ደቂ እግዚኣብሄር ንውርሻኡ/ኣ መሰል ኣለዎም፣ ስለ'ዚ ድማ፣ ከም'ዚ ንዓብዪ መርዓ ዝዳለዉ፣ ነዚኣ ዓባይ ዕለት ምድላዋቶም ክጅምሩ ኣለዎም።

ንኣይሁድ፣ ኣስላምን ክርስቲያናትን፣ ካልኦት ኩሎም እምነታትን፣ ሕጂ ክሰምዑኒ እጽውዕ ኣለኹ። ሓደ'ኳ ካባኻትኩም ብክፍኣት ናይ'ቲ ጸረ-ክርስቶስ ዘይትንከፍ የለን። እንተኾነ ሕጂ እንተተቐሪብኩም፣ ማሕተም እቲ ህያው እግዚኣብሄር ወሲድኩም ኣብ ገዛኹም ብምቕማጥ ካብ'ቲ ንሱ ኣብ'ዛ ዓለም ዘውርዶ ስቅያት ክዉላት ክትኮኑ ኢኹም።

ቃል እግዚኣብሄር፣ እቲ ሓቀኛ ቃል፣ ንዓኹም ክግለጸልኩም እንከሎ፣ ደው ኢልኩም ክትሰምዑ ኣለኩም፣ ናብ መዓጹ እታ ሓዳስ ገነትን እታ ሓዳስ ምድሪን ክመርሓኩም ኢዩ'ሞ። እዛ ሓዳስ መንግስተ ሰማያት ትጽበ ኣላ፣ ንቢልዮናት ነፍሲታት ድማ ቤቶም ክትከዉን ኢያ፣ እንኮላይ ነቶም ኣብ ናይ ንስሓ ቦታን ኣብ ገነትን ዝጽበዩ ዘለዉ ነፍሲታት። ንኹሎም እቶም ልቢታቶም ንትእዛዝ እግዚኣብሄር ክፉት ዝኾነ፣ ፍቕሪ ምሕረተይ ዝሰምዖም፣ ኬሕብሮም ኢየ።

በጃኹም ነዛ ዕለት ኣይትፍርሑዋ፣ ዓብዪ ሓጎስ፣ ሰላምን፣ ፍስሃን ስለእተምጽኣልኩም። መንግስተይ ኣዝዩ ኬደንቐኩም ኢዩ፣ ብምኽንያት መስተንክር ጽባቐኡ። ብዙሓት ካባኻትኩም ንመልእኽተይ ትፈርሕዎ ኢኹም ምኽንያቱ ዳግማይ ምጽኣት ማለት ሞት - መፈጸምታ - ማለት ኢዩ ኢልኩም ስለእትኣምኑ። እዚ ግን ዘይቅኑዕ ግምት ይኸውን ኣሎ።

እቶም ናባይ ብፍቓድኩም እትመጹ፣ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ-ኩነት፣ ብፍቕሪን ትሕትናን፣ ስቓይ ኣካላዊ ሞት ኣይክትረኽቡን ኢኹም። ኣብ ክንድኡስ፣ ኣብ ናይ ቋሕ-ሰም ግዜ፣ ነብስኹም ኣብ ሓዲሽ ከባቢታትኩም ክትረኽቡዋ ኢኹም። እዚ ኣብ መጀመርታ ከሰንብደኩምን ቀልጢፍኩም ንፍቑራትኩም ክትደልዩ ኣብ ከባቢኹም ክትርእዩን ኢኹም። ብዙሓት ነፍሲታት ከድሕን ስለዝኾንኩ ምስ ቤተሰብኩም ክትኮኑ ኢኹም፣ እንኮላይ እቶም ኣብ ገነት ምሳይ ዘለዉን እቶም ኣብ ሓዊታት እቲ ናይ መናስሒ ቦታ ዘለዉ ፍቑራትኩምን።

ኣብ ኩሉ ቦታታት ዓብዪ ሓጎስ ክኸዉን ኢዩ። እዚ ድማ 100 መዓልታት ክጸንሕ ኢዩ። ሓዳስ መንግስተ ሰማየይ ሓንቲ ሃይማኖት ጥራይ ኢዩ ክህልዋ፣ እታ ሓዳስ የሩሳሌም፣ እታ መዓልታዊ ኣነ ዝምለኸላ ቦታ። ኩሉ ምስ ቅዱስ ፍቓድ ኣቦይ ዝሓበረ ክኸዉን ኢዩ። ዓሰርተው ክልተ ህዝብታት ክህልዉ ኢዮም፣ እንተኾነ ሓንቲ ቋንቋ ጥራይ፣ ፍልልይ ከፍቅድ ስለዘይኮንኩ።

መራሕቲ ክሽይም ኢየ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህዝቢ ሕጽረት መግቢ፣ ማይ፣ ኣባይቲ ኮነ ናብራ ኣይክህሉን ኢዩ። ሞት ዝበሃል ኣይክህሉን ኢዩ፣ ምኽንያቱ ንኹሎም እቶም ዝኣትዉ ዘልኣለማዊ ሂወት ክህቦም ኢየ። ኩሎም ህዝቢታት ንምስፋሕ ቃል እግዚኣብሄር ብሓንሳብ ክሰርሑ ኢዮም፣ ከምኡ ድማ እቲ ሎሚ ኣብ ምድሪ ክትረኽቦ ዘይክኣል ሓጎስ፣ ሓደ ካብ'ቶም ዝህበኩም ዓበይቲ ህያባት ክኸውን ኢዩ። ኣዚኹም ክትፍቀሩ ኢኹም፣ ንስኹም'ውን ከቴፍቅሩኒ ኢኹም፣ ከም'ቲ ኣነ ዘፍቅረኩም።

ብዙሓት ካባኻትኩም ወለዶታት ቤተሰብኩም፣ ቅድሚ መዋእላት ዝነበሩ፣ ክትረኽቡዎም ኢኹም። ወለዶታት ክቕጽሉ ኢዮም፣ ስለ'ዚ ድማ ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ክዋሰቡ ክትርእዩን - ነፍሲ ወከፎም ብዓበይቲ ጸጋታት ዝተባረኹ - ፍጹማት ደቂ እግዚኣብሄር ክፈርዩን ኢዮም። ርእሲ ቤተ ክርስቲያነይ ክስየም ኢዩ - ስሙ ድማ ጴጥሮስ ኢዩ - ንሳ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ክምስርታ ምኧኑ መብጽዓ ስለዝኣተኹ። ስለ'ዚ ድማ፣ ኣብ'ታ ሓዳስ መንግስተ ሰማይ፣ ንቤተ ክርስቲያነይ ንሱ ክመርሓ ኢዩ።

ኦ፣ ኣብ ቅድሜኹም ዝመጽእ ዘሎ ክርእየኩም እንተዝኽእል፣ ናይ ሓጎስ ንብዓት ምነባዕኩምን ናብ'ተን መዓጹ ምተቐዳደምኩም። ስለ'ዚ፣ በጃኹም ኩሉኹም፣ ንዘልኣለማዊ ሂወት ኣብ እተናድዩሉ ደው ከብሉኹም ንዝግበሩ ፈተነታት ዕሽሽ በልዎም። ነቶም ኣነ ከምዘየለኹ ዝነግሩኹም ዕሽሽ በልዎም። ነቶም ቅዱስ ቃለይ ተጠቒሞም፣ ብመንገዲ እዞም መልእኽታት ሕጂ ይዛረበኩም ከምዘየለኹ ኬእምኑኹም ዝፍትኑ፣ እምነት ኣይትሃብዎም።

ነዚ ዜደንቕ ውርሻ ንኽትረኽቡ ክትቃለሱ ኣለኩም፣ ምኽንያቱ ዝኾነ ሰብ ነዚ ዓብዪ ህያብ ከይረክብ ንኻልእ ሰብ ክኼልእ መሰል የብሉን፣ እቲ መሰል'ሲ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኢዩ፣ ክሳብ ክንደይ ነፍሲታቶም ደልሃመት ዝመልኣ ትኹን ብዘየገድስ። ነፍሲታት መታን ናባይ ኬተምጹለይ እተን መሳርሒ ይህበኩም ኣለኹ፣ ኣብ ኩሉ፣ መታን ብሓባር ንስርሓት ሰይጣን ክንድምስሶ ክንክእልን ናብ'ታ ሓዳስ ዓለም ብቕልጡፍ ክንሰግርን።

ሰላም ምሳኹም ይኹን

ናትኩም የሱስ

**ብዙሓት ካባኻትኩም፣ እቶም ኤገልግለካ ኢየ እትብሉ፣ ደው ኢልኩም ኣገልገልቲ እግዚኣብሄር ምዃንኩም ክትእውጁ ብቑዓት ኣይኮንኩምን**

ቀዳም፣ ነሓሰ 31፣ 2013 ሰዓት 21፣45

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ቅድሚ ቁሩብ ግዜ ኣቢሉ ንኩሉኹም ነጊረኩም ኢየ፣ ኣብ'ቲ እዋን ምስጓግ ንነብስኹምን ንስድራኹምን መታን ክትቅልቡ፣ ዘርኢ ክትዘርኡ ኣለኩም። ነዚ ብሓደ ምኽንያት ኢየ ዝገብሮ። ዋላ ውሑዳት ዘርእታት - ንጹህ ዘርእታት፣ ዝኾነ ወዲ ሰብ ዘይተናኸፎም - ክትተኽሉ ኣለኩም። ሽዑ ነቲ ዝፈርይዎ ፍረ ኣነ ከብዝሖ ኢየ፣ ዓለም ዓብዪ ጥሜት ክተሕልፍ እንኮላ፣ ኩሉኹም እኹል ዝብላዕ ክህልወኩም ኢዩ። እዚኤን መዓልታት  ብዙሕ ርሑቓት ኣይኮናን፣ ንብዙሕ ምኽንያታት ድማ ክመጻ ኢየን።

ምህርቲ እኽሊ ብምኽንያት ምትእትታው ስሩዓት ሓረስቶት ክብከሉ ኢዮም። ብሰንኩ ድማ እቶም ኣእካል ንስኹም ክትበልዕዎም ብቑዓት ኣይክኾኑን ኢዮም። ሽዑ ድማ ሰንኪ ኲናት ውሑዳት ሰብኡት ኢዮም ነቲ መሬት ክሓርስዎ ዝኽእሉ። ብድሕሬኡ ድማ እቲ ብኣርባዕቴኡ ማእዝናት ምድሪ ዝከሶ ሓዊ ክህሉ ኢዩ፣ ኩሉ ነገር ድማ ክባድም ኢዩ። እዞም ኣሰቓቕቲ ፈተናታት ብሰንኪ ምስፍሕፋሕ ክፍኣት ኢዮም ዘጋጥሙ፣ እንተኾነ ብዙሓት ሰባት ብኣይ ዝኣምኑ እንተኺይኖም፣ ክሓልፉዎ ኢዮም። ሕጂ ክትዳለዉ ኣለኩም፣ ልክዕ ከም'ዚ ኲናት ዝመጽእ ዘሎን ከም'ቲ መግቢ ብመቕነን ከኸዉን ከሎ እትገብርዎን። ብዙሕ ማይ ዕቐሩ ምኽንያቱ ኩሉ እትኽዝንዎ ዘበለ ኣነ ከብዝሖ ኢየ።

ኣባይትኹም ገዲፍኩም ኪዱ ክብለና ኢዩ ኢልኩም ኣይትእመኑ፣ እዚ ኣድላይ ኣይኮነን ኢዩ'ሞ። ንእሽቶ ምድላዋት፣ ንሓድሕድኩም እትተሓጋገዙሉ፣ ንሱ ጥራይ ኢዩ ዘድሊ። ክቡር ደመይ ነቶም ንወዲ ሰብ ብዝሰዶ መጠንቀቕታይ ዝኣምኑ ኩሎም ክጋርዶም ኢዩ፣ እቲ ሳልሳይ ማሕተም ዝኽፈተሉ ግዜስ ንናይ ኲናት ግዜ ስዒቡ ክመጽእ ኢዩ እሞ።

ብዙሓት ነቲ ኣብ መጽሓፈ ራእይ ዘሎ ቃል እግዚኣብሄር ዕሽሽ ክብሉዎ ኢዮም። ብዙሓት ኣብ ኣብያተ ክርስቲያነይ ዘለዉ መራሕቲን ቅዱሳት ኣገልገልተይን፣ ከም'ቲ ቅድሚ'ቲ ዕልቕልቕ ዝገበርዎ፣ ንነቢየይ ኣይክቕበሉዋን ኢዮም።

ንቅዱሳት ኣገልገልተይ እጽውዖም ኣለኹ፣ ሕጂ። ብመን ኢኹም እትኣምኑ? ብኣይ ብየሱስኩም ወይ'ሲ ብህውተታ እቶም ናይ ስነ-ሃይማኖት ክኢላታት ኢና ዝብሉ፣ ግን ከኣ ነቲ ሓቂ ዘይፈልጡ? ተበራበሩ። እቶም ማሕተማት ይኽፈቱ ኣለዉ። ግዴታኹም'ሲ ነፍሲታት ኣብ ምድሓን ክትሕግዙኒ ኢዩ፣ እንተኾነ ንድምጺ ጻውዒተይ ንቖሓት ኳንኩም ኣይጸናሕኩምን። ከም'ቲ ሰራቒ ኣብ ለይቲ ዝመጽእ፣ ኣነ ከምኡ ከም ዝመጽእ ነጊረኩም ኔረ። እቲኣ መዓልቲ ክትመጽእ እንከላ ነተን ዘይተዳለዋ ነፍሲታት'ሲ ግዜ ኣይክህልወንን ኢዩ።

እቶም መለኽታት ፍርዲታቶም ዘውጽኡሉ ግዜ ቀልጢፉ ክመጽእ ኢዩ፣ ድሕሪ'ቶም ማሕተማት ምቕልዖም ብዙሕ ከይደንጎየ። ድሕሪኡ'ኸ? ተበራቢርኩም ኣብ'ቲ መድረኽ ክትስዕቡኒ ዲኹም ወይ'ሲ ሰጋእ መጋእ ክትብሉ እንከለኹም፣ ብዙሓት ነፍሲታት ኬተኽስሩኒ ኢኹም? ካልኦት ነቲ መንገዲ ክመርሑዎ ክትጽበዩ እንከለኹም?

ተራኹም ነፍሲታት ምድሓን ምዃኑ ከዘኻኽረኩም እደሊ። ነዚ እትፍጽሙሉ መንገዲ ድማ ንዓይ ብእተገልግሉሉ መንገዲ ናብራ እምበር፣ ንትዕቢትን ኣነነትን ናይ’ቶም ንኣስተምህሮታተይ ንዝጠውዩ ብምቅጣር ኣይኮነን። ብዙሓት ካብ’ቶም ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ክርስቲያነይ ዘለኹም ንትርጉም እታ ሓዳስ ገነተይ ኣይትርድኡን ኢኹም፣ ከምኡ ድማ ንደቂ እግዚኣብሄር ብዛዕባ መብጽዓይ ከይተዘክርዎም ፈሺልኩም ኢኹም። ነቲ ሓቂ ኬተዘክርዎም ኣለኩም - ብዛዕባ እቲ ግዜ፣ ቅድሚ’ታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ።

ብዙሓት ካባኻትኩም፣ ሕያዎት፣ ቅኑዓት፣ ፈቃራትን ብልቢ ንምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ውፉያት ኩኑን እምበር፣ ብዛዕባ ዳግማይ ምጽኣተይ ትርስዑ ኢኹም። እዚ እንታይ ኢዩ ኢልኩም ትሓስቡ፣ እንታይከ ተማሂርኩም? እቲ ግዜ ከምዘርከበኩም ንኽትኣምኑስ ክንደይ ነቢያት ኢዮም ዘድልዩ?

ኣንጻር ኣብ’ቲ ነፍሲ ሰብ ዓሲሉ ዝርከብ ክፍኣት ዝገበር ውግእ ደቂ ክዳለዉ ንምሕጋዞም እግዚኣብሄር ነቢያቱ ኣይሰድድን ኢዩ ዝብል መዓስ ኢኹም ሰሚዕኩሞ? መጽሓፈ ራእይ ሓሶት ኣለዎ ኢልኩም ክትግምቱ እንታይ ኢዩ መሰል ዝህበኩም? ንብዙሕ ካብ ትሕዝቶኡ ትኽሕዱዎ፣ ከምኡ’ውን ኣይትዝትዩሉን። ስለምንታይ? እዚ ማለት ቃል እግዚኣብሄር ምኽሓድ ማለት ምዃኑ ኣይትፈልጡን?

ዓቕለይ ተወዲኡ ኢዩ። ሕርቃነይ ዓብዪ ኢዩ። ህያብ ጣልቃ ምእታወይ፣ ንኽዳልወኩም፣ ብድርቅና ምቕባል ክትኣብዩ እንከለኹም፣ ንዓይ ምጽራፍ ኢዩ። ነቶም ብመንገዲ እዚ መልእኽቲ ንዓይ ዘለልዩኒ ቅዱሳት ኣገልገልተይ ክተሳጒጉዎም እንከለኹም፣ ካልኦት ህያብ ድሕነት ከይረኽቡ ትኸልእዎም ኣለኹም። ዕዉራት ኢኹም፣ ከምኡ ድማ ኣብ’ቲ ቅዱስ መጽሓፍ ኣቦይ ዝርከብ ኣስተምህሮታተይን ቃል እግዚኣብሄርን ዘይምፍላጥኩም ዜስደምም ኢዩ። ንዓይ ተገልግሉ ከምዘለኹም ትዛረቡ፣ እንተኾነ ንዓይ ኣይትፈልጡን ኢኹም፣ ስለ’ዚ ድማ ኣይትርእዩን ኢኹም።

እምነትኩም ድኹም ኣብ ዝኾነሉ፣ ልብኹም ንዓይ ክትከፍትዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ልብኹም ንዓይ እንተትኸፍትዎ፣ ንዓይ ብንጹር ክትሰምዑኒ ምኸኣልኩም፣ ብመንፈስ ቅዱሰይ ምተመላእኩም እሞ። እቲ ዘሕዝን፣ ብዙሓት ካብቶም ንገልግለካ ኢና እትብሉ፣ ደው ኢልኩም ኣገልጋሊ እግዚኣብሄር ኢየ ክትብሉ ብቑዓት ኣይኮንኩምን። ብቓልዕ ንተኸተልትኹም ብስመይ ኬተሕስርዎም እንከለኹም፣ ንዓይ ተሕፍሩኒን ንስመይ’ውን ተዋርዱዎን። ነዚኦም መልእኽታት ንዝስዕቡ ክትኩንንዎም እንከለኹም ንነፍሲ ወከፍ ሕጊ እግዚኣብሄር ትሰብሩ ኣለኹም፣ ነዚ ክትገብሩ ስልጣን ኣይተዋህበኩምን እሞ። ንነብስኹም ዘለኩም ፍቕሪ፣ ካብ’ቲ ንዓይ ንየሱስ ክርስቶስ ዘለኩም ፍቕሪ ይቕድም፣ ብሰንኪ’ዚ ድማ ንዓይ ኬተገልግሉ ብሕጂ ብቕዓት የብልኩምን። ኣብ ቅድሚ ዙፋነይ ንኽትቆሙስ እምብዛ ትዕቢት ኣለኩም።

መድሓኒኹም
የሱስ ክርስቶስ

**እቶም ሕጂ ንመልእኽታተይ ብምንጻግኩም ንዓይ እተቆናጽቡ፣ ብሓቂ ንቤተ ክርስቲያነይ ከመቓቕላ ኢየ ኢልኩም ትኣምኑ'ዶ?**

ሰንበት፣ መስከረም 1፣ 2013 ሰዓት 17፣05

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ኣብ መወዳእታኡ፣ ነዚ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ተልእኾ፣ ምስጋና ኣቕርብለይ። ቃል እግዚኣብሄር ክትእውጂ እንከለኺ ክሳብ ክንደይ ቃንዛ ከምዘስዕበልኪ እፈልጥ ኢየ፣ ምኽንያቱ ኣብ ሞንጎ እቶም ሕሩያት ኢና ኢሎም ዝኣምኑ ብዙሕ ሕርቃን ስለዘስዕብ።

'ዛ ጓለይ፣ ዋላ'ኳ ሞገስ እንተሃብኩኺ፣ ኩልግዜ ንበይንኺ ከም እትስጉሚ ፍለጢ፣ ከምኡ ድማ ከም'ቶም ቅድሜኺ ዝነበሩ ነቢያት፣ መወዳእታኺ ኣብ ጸምጸም በረኻ ክኸዉን ኢዩ። ውሑዳት ንሓገዝኪ ክሰድድ ኢየ፣ እንተኾነ ኩልግዜ ግልልቲ ክትኮኒ ኢኺ። እቶም ተኺሉ ክሃድኑኺ እንከለዉ፣ ኣነ ግዳ ኩልግዜ ምሳኺ ክህሉ ኢየ።

ነዚ፣ ነቶም ኣብ ሞንጎኹም ዘለዉ ሓቀኛታት ደቀ-መዛሙርተይ ኢና ዝብሉ ኣቕሽሽቲን ቅዱሳት ኣገልገልትን፣ ንገርዎም። ኩልግዜ ድምጺ ናይ'ቶም ንኡሳን፣ ድኹማት፣ ትሑታትን፣ ሰብ ንጹህ ልቢን ክሰምዕ ኢየ። ብመልእኽትታተይ ይፈርሑ እኳ እንተኾኑ፣ ኣነ ወትሩ ነቶም ብሓቂ ዘፍቅሩኒ ኢየ ዝሓሪ። እዞም ሕጂ ዝዛረበሎም ዘለኹ መን ኢዮም? ብዛዕባ እቶም ዝነገርኩዎም ረሲያም ዘይፈልጡ ኢየ ዝዛረብ ዘለኹ። መስቀለይ ጹሩ፣ ሰዓቡኒ፣ ግን ድማ ድሉዋት ኩኑ፣ ምኽንያቱ ብዘይ ዝኾነ ተንኮል ንቃል እግዚኣብሄር ክትእውጁ እንከለኹም፣ ንቃንዛይ ክትሳቐዩዎ ኢኹም። ሽሕ ግዜ እዛ ሕጂ ዘለኹማ ዓለም ስልጥንቲ ኢያ ኢልኩም እመኑ እምበር፣ ኣንጻር እቶም ዝጸልኡኒ ብእምቢታ ደው ምስእትብሉ፣ ክትጽልኡ ኢኹም። ንዓይ ክጸልኡኒ እንከለዉ፣ ክሰቕሉኹም ኢዮም።

ነቶም ዓቃላት ይሰምዖም ኢየ። ክሳብ ክንደይ የሳቕዩኹም ብዘየገድስ፣ ንሓድሕድኩም ተፋቐሩ ዝብል መምርሒ ናተይ ንዝፍጽሙ እባርኾም። እቶም ብመንገዲ እዞም መልእኽታት እዚ'ኦም እትነጽጉኒ፣ ብሰንኪ ምጥርጣርኩም፣ ኣንጻር ዝኾነ ሰብ ብስመይ ጽልኢ ኬተስፍሑ የብልኩምን። ኣነ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ሕጂ እብለኩም ኣለኹ፣ እቲ ዲያብሎስ ነዚ ናይ መወዳእታ መጥቃዕቱ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ደቂ እግዚኣብሄር ክእውጅ መጺኡ ኣሎ። እቶም ንዓይ ክትሰምዑ እትኣብዩ፣ ብማራኺነት እቶም ውፉያት ኣገልገልቱ ክትስዓሩ ኢኹም።

ቤተ ክርስቲያነይ ብሰይጣን ከም እትጥቃዕን እዚ ድማ ኣቑዲሙ ከም እተነግረ ኣይትፈልጡን ዲኹም? ጸላእተይ ኣብ ሞንጎኹም ክመላለሱ ኢዮም፣ ዛጊት ኣነ ነዚ እፈቕዶ ምኽንያቱ ንስኻትኩም ኣይትቕበልዎን ኣለኹም። ውግእ ኣርማጌዶን ክልተ ወገናት ዝሓዘ ምኻኑ ፍለጡ። እቶም ብእግዚኣብሄር ዝኣምኑን ንቃል እግዚኣብሄር ዝቕበሉን፣ ከምኡ'ውን እቲ እከይ፣ ሰራዊቱን፣ ኩሎም እቶም ንሱ ዘታልሎምን። ሰይጣን ንብዙሓት ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያነይ ከታልል ኢዩ፣ እቶም ነቺሖም

ዝጜንሑን ንናይ ኣስተምህሮ ጌጋታት ዝከታተሉ ጥራይ ኢዮም ድማ ነቲ ምሕባል ዝምክትዎ። ምሕባል፣ እቲ መታለሊ ዝጥቀመሉ ኣዝዩ ዝሓየለ መሳርሒ ኢዩ። ነቲ ሓቂ ይነግር ከምዘሎ ብምምሳል ኢዩ ዘታልል።

ነቶም ንዓይ ዘፍቅሩኒን ንምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ሓቀኛታት ኮይኖም ዝጸንሑን መሳኪን ነፍሲታት ክሰምዑ እምሕጸን ኣለኹ። እቶም ኣሕሉቕኩም ነቲ ኣነ ብመንገዲ ስቕለተ-ሞተይ ንዓለም ዝሃብኩዋ ሓቀኛታት ኳይኖም ምስዝጸንሑ፣ ንቤተ ክርስቲያነይ ሓቐኛታት ኳንኩም ክትጸንሑን ስነ-ስርዓት ክትቅበሉን ኣለኩም። እቲ ናይ ምርጫ ግዜ ቀሪቡ ኣሎ። እቲ ጽያፍ ዛጊት ኣይኮነን ኣሎ፣ እንተኾነ ነቶም ኣንጻር ኣስተምህሮታተይን ህያብ ምስጢራተ-ቤተ ክርስቲያነይን ዝኾኑ ጌጋታት ክትርእዩ ምስ ጀመርኩም፣ ርሓቑ ኢኹም። እታ ዕለት ቀሪባ ኣላ። ሽዑ ክትእከቡን ንሕግታት ቤተክርስቲያነይ ልክዕ ከም'ቲ ብጴጥሮስ ዝተቐመጡልኩም ምስዓብኩም ቀጽሉዎ።

እቶም ሕጂ ትዋዘዩለይ ዘለኹም፣ ንመልእኽታተይ ስለዝነጸግኩሞም፣ ንቤተ ክርስቲያነይ መቑለ ንኣስተምህሮታተይ ክሓዱ ኢለ ክሓተኩም ኢየ ኢልኩም ብሓቂ ዲኹም ትኣምኑ? ንነቢየይ ቅድሚ ምውጋድኩም፣ ክሳብ ብስም እታ ቅድስቲ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ተኣማንነትኩም ንሓሶታት ክትምሕሉ እትሕተቱላ ዕለት ጽንሑ። ንዓኹም ዘለኒ ፍቕሪ ኣዝዩ ብርቱዕ ስለዝኾነ ኢየ ኣውጺኤ ዘይድርብየኩምን ብኣጋንንቲ ክትዋሓጡ ዘየፍቅድን።

ናትኩም የሱስ

**ዓሰርተው ክልተ ተራ ሰብኡት ኢየ መሪጸ፣ ዘይተማህሩን ንቅዱስ ጽሑፋት ዘይፈልጡን መሳኪን ገፈፍቲ ዓሳ ዝነበሩን**

ሰንበት፣ መስከረም 01, 2013 ሰዓት 11፣08

ኣዚኺ ፍቕርቲ ዓለይ፣ ኣብ ምድሪ ኣብ ዝተመላለስኩሉን ነቲ ሓቂ ክገልጽ ኣብያተ መቕደስ እግዚኣብሄር ኣብ ዝኣተኹሉን፣ ኣብ ፈለማ ብዓቕሊ ኢዮም ሒዞምኒ። ብዙሓት ኣቕሸሽቲ በቲ ኣነ ዝፈልጦ ዝነበርኩን ብኣይ ብሓደ ትሑት ወዲ ጸራባይን ተገሪሞም ኔሮም። ስለ'ዚ፣ ብዛዕባ እቲ ብዝያዳ ካብኦም ዝጽበ ነገር፣ ከም'ቲ ኣብ መጽሓፍ ኣቦይ ተቐሚጡ ዘሎ፣ ክገልጸሎም እንከለኹ ብጽሞና ይሰምዑ ኔሮም።

ካብ ወዲ ዓሰርተው ክልተ ዓመት እንከለኹ ተልእኾይ እንታይ ምዃኑ እፈልጥ ኔረ፣ ቀስ እንዳበልኩ ድማ ጀሚረ፣ እቲ ቅኑዕ ግዜ ቅድሚ ምእካሉ ብዙሕ ከይገለጽኩ ማለት ኢዩ። ንምምጻእ እቲ መሲሕ ንዓለም ከዳልዋ ከምዘለኒ እፈልጥ ኔረ። ከምኡ'ውን ኣብ ሓጺር ግዜ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ኣቦይ ከም እትኽሕደኒን መታለሊ ኢዩ ከም እትብለኒን እፈልጥ ኔረ።

ዓሰርተው ክልተ ተራ ሰባት ኢየ መሪጸ፣ ዘይተማህሩን ንቅዱስ ጽሑፋት ዘይፈልጡን፣ መሳኪን ገፈፍቲ ዓሳ ዝነበሩን። ስለምንታይ ከምኡ ጌረ? ነቲ ኣነ ዝህቦም ፍልጠት'ሲ ከም'ቲ ዝነበሮ ከምዝቕበልዎ እፈልጥ ኔረ። ቅድሚኡ ናይ ቅዱሳት ጽሑፋት ፍልጠት ስለዘይነበሮም ድማ፣ ንኣስተምህሮታተይ ምስ'ቶም ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ዘለዉ እንዳነጻጸሩን ብጥንቓቐ እንዳመርመሩን ጉድለት ክረኽቡሉ ኣይምፈተኑን ማለት ኢዩ። እዚ ማለት ድማ ብዙሓት ካብኣቶም ነቲ ሓቂ ከባጽሑ ዘድሊ ትብዓት ኣይምሃለዎምን ማለት ኢዩ። እቶም ኣብ ዝላዓለ ጽፍሒ ቤተ ክርስቲያን ዝነበሩ የናሸዉሎም ነበሩ፣ እግዚኣብሄር ቅዱስ ቃሉ ንኸባጽሑ መሃይማን ሰባት ኣብ ልዕሌኦም ክመርጽ ብቑዓት ኣይኮኑን ኢዮም ይብሉ ስለዝነበሩ። ብርግጽ፣ ኣብ መንፈሳዊ ጉዳይ ብዘለዎም ትምህርቲን ኣብ ቤተ መቕደስ እግዚኣብሄር ብዘለዎም ስልጣንን፣ እግዚኣብሄር ነቲ ጽቡቕ ዜና ንኽትንበ ንቤተ መቕደሱ ጥራይ ምመረጸ። እግዚኣብሄር በዚ መንገዲ ነቲ ትሑትን ዘይፈልጥን ጥራይ ከምዝመርጽ ክርድኡ ኣይካኣሉን፣ ምኽንያቱ ንሳቶም ኣይማንቱን ኢዮም። ኣይቃወሙን ኢዮም፣ ከይንጸጉ ፍርሒ የብሎምን፣ ምኽንያቱ ዝያዳ ዝፈልጡዎ የሎን እሞ። ዘክሩ፣ እግዚኣብሄር፣ ነቶም ነብሶም ቅድሚ ካልኦት ልዕል ዘብሉ ኣይመርጽን ኢዩ። እዚ ፈጺሙ ክኸዉን ዝኽእል ኣይኮነን።

ስለ'ዚ እዩ ንስኺ ዓለይ በቶም ምድራውያን ኣብያተ ክርስቲያንነይ ጽልእቲ ኴንኪ። በዚ ምኽንያት ኢዩ ንመልእኽቲታተይ ፍንጥሕጥሕ ኣቢሎም ዘባጭዉሎም። ስለ'ዚ ኢዩ ንዓኺ ዘቋናጽቡኺ፣ ምኽንያቱ ንቅዱስ ቃለይ ከተባጽሒ ብቕዕቲ ኣይኮንክን ኢሎም ስለዝሓሰቡ ኢዮም። ክሳብ ክንደይ የጒህዩኒ። እቲ እትርእይዎ ጽልኢ ብቐንዱ ብካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ዝጽሎ ኢዩ። ኣፍልጦ እቲ ኣዝዩ ዝተቐደሰ መጽሓፍ ወይ ኣስተምህሮታተይ ዘይብሉ ሰብ ከም ነቢይ ክመጽእ ኢዩ ንዝብል ፈጺሞም ኣይቅበልዎን ኢዮም። ምንፍቕና ተስፍሒ ኣለኺ ክብሉ ኢዮም። ነዚ ዝብሉሉ ምኽንያት ንሶም ንባዕሎም ካብ'ቲ ሓቀኛ ኣስተምህሮ ኣዝዮም ካብ ምርሓቕም ዝተላዕለ ንገዛእ ሓሶታቶም ክኣምኑዎ ጀሚሮም ኣለዉ። ናይ መወዳእታ

መዓልታት ነቢየይ ተላኢኹ ከምዘሎ እምበር ከምዘይምረጽ ፍለጡ፣ እዚ ከኸዉን ኣይክእልን ኢዩ እሞ፣ ብኸም'ዚ ድማ፣ እቲ ናይ መወዳእታ ተልእኾ በቲ ናቱ ጥራይ ዝልእኽ ኣቦይ ተፈጢሩ ኣሎ።

እቶም ነዚኦም መልእኽታት - ቅዱስ ቃለይ - ብምንእኣስ ንዓይ ተስተናዕቑ፣ ኤጠንቕቐኩም ኣለኹ፣ ሕጂ፣ ብቕጽበት፣ ናባይ ብቅዱስ ኣምልኾ ክትመጽኡ ኣለኩም፣ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ፣ ክሳብ ንድምጸይ እትሰምዑ። ሸዑ ጥራይ ኢየ ዝቕበለኩምን ኣብ'ዚ ዘየላቡ እዋን ኣገልግሎትኩም ንእግዚኣብሄር ድማ ካባኹም እንታይ ከምዝደሊ ዘርእየኩምን።

ናትኩም የሱስ

**ሓደ ወለዶ ሙሉእ መንእሰያት ኣብ’ዚ እዋን ካባይ ከምዝርሓቑ ኣይትፈልጡን ዲኹም**

ሶኒ፣ መስከረም 02, 2013 ሰዓት 18፣45

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ኣንጻር፣ ንዓኹም ኩሉኹም ንዳግማይ ምጽኣተይ ንምድላው ዝተዋህቡ ትንቢታተይ፣ ሕርቃን እናላዓለ ክኸይድ እንከሎ፣ ነዚ ፍለጡ። እዚ ተልእኾ ሓደ ዕላማ ኣለዎ። ንሱ ድማ ንኹለን ነፍሲ.ታት ንምድሓን ኢዩ - ነፍሲ ወከፍ ኩሉ ሎሚ ብሂወት ንዘሎ። ኣንጻርኪ ዝቐንዕ ዘሎ ሕሱም ነቐፌታ ኣይገድስን ኢዩ፣ ‘ዛ ጓለይ፣ ምኽንያቱ ክሳብ ስርሔይ ዝውድእ፣ ብዘይንሕስያ፣ ንቕድሚት ክግስግስ ኢየ። ዝኾነ ሰብ ነፍሲ.ታት ካብ ምድሓን ደው ኣይከብለንን ኢዩ፣ ኣብ መንገደይ ደው ክብሉ ንዝደፍሩ ድማ ረጊጸዮም ክሓልፍ ኢየ፣ መታን ነቶም ካብ ሞገሰይ ንዝወደቑ ነፍሲ.ታት ኬድሕን ክኽእል።

ብምኽንያት ንዓለም ዝመልኣ ዘሎ ኣረሜንነትን ኣብ ሞንጎ ኣመንቲ ዘሎ ምምህማን እምነትን፣ ሓደ ወለዶ ሙሉእ መንእሰያት ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ካባይ ርሒቕም ከምዘለዉ ኣይትፈልጡን? ተልእኾይ ኣብ’ዞም ዝበዝሑ ንዓይ ንየሱስ ክርስቶስ ከይፈልጡ ዝተኺልሉ ዝተወጽዑ መንእሰያት ነፍሲ.ታት ዘተኮረ ኢዩ። ኣብ ኩለን ሃገራት ብዙሓት ስለዘለዉ፣ ኣቓልቦኦም ክርከበሉ ብዝኽእል ዝኾነ ይኹን መንገዲ ናብኦም ክበጽሕ ኣለኒ።

ዘክሩ፣ እቶም ኣብ ሞንጎኹም ዘለዉ ካብ ህጻንነቶም ኣትሒዞም ቃል እግዚኣብሄር ዝተመገቡ ክርስቲያናት ብሩኻት ኢዮም። በዚ ምኽንያት ንስኹም ነቲ ዝጠፍኤ ወለዶ ክትጽልዩ ግዴታ ኣለኩም። በጃኹም፣ በዚ ዝስዕብ ጸሎት ገድሊ ነዞም መንእሰያት ነፍሲ.ታት ክትጽልዩሎም እሓተኩም ኣለኹ፣

**ጸሎት ገድሊ (118) ስለ’ቶም ዝጠፍኡ ወለዶ መንእሰያት ነፍሲ.ታት**

ክቡር የሱስ፣ ስለ’ቶም ዝጠፍኡ ወለዶ መንእሰያት ነፍሲ.ታት ንምሕረትካ እጽውዕ ኣለኹ።

*ነቶም ዘይፈልጡኻ፣ ብህያብ ናይ ምርኣይ ክእለት ሸፍኖም።*

*ነቶም ዝፈልጡኻ፣ ግዳ ዕሽሽ ዝበሉኻ፣ ናብ ምሕረትካ ስሒብካ ምለሶም።*

*መረጋገጺ ህላዌኻ ቀልጢፍካ ሃቦም እሞ ናብ’ቶም ክሕግዞምም ዝኽእሉን ናብ’ቲ ሓቂ ክመርሑዎም ዝኽእሉን ገጽካ ምርሓዮም።*

*ሓሳባቶምን ነፍሲታቶምን ብናፍቖትካ ምልኣዮ።*

*እቲ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ኣልቦነት፣ ህላዌኻ ስለዘይስምዖም ምዃኑ ከላልይዎ ሓግዞም። እልምነካ ኣለኹ፣ ክቡር ጎይታ፣ ከይትርሕርሖምን፣ ብምሕረትካ ዘልኣለማዊ ሂወት ሃቦምን። ኣሜን።*

መታን ናይ መጸናንዒ ቃላት ኣብ ኣእዛኖም ሕሹኽ ክብሎምን ናይ መንፈስ ሰላም ክህቦምን፣ ናብ'ዚኦም መንእሰያት ህጻናት ኣርኪበ ኣብ ሕቑፌ ቅዱሳት ኣእዳወይ ከእትዎም ክንደይ ይናፍቕ። ንሳቶም ናተይ ኢዮም፣ ብዘይ ብእኣቶም ድማ እታ ሓዳስ መንግስተ ሰማያት ጎደሎ እቶም ኣዝዮም ዝሃርሮም ክትከዉን ኢያ። ኬድሕኖም ሓግዙኒ።

ናትኩም የሱስ

**ሂወትኩም ማለት ግዳ ኣብ መዋእልኩም ሓንቲ ቅልጥፍቲ ህሞት እንዳኣላ። ኣብ ግዱድ ስደት ኢኹም ዘለኹም**

ሰሉስ፣ መስከረም 03, 2013 ሰዓት 16፣45

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ንኹሎም ኣብ ሙሉእ ዓለም ዘለዉ ካብ ሂወቶም ቀሪጾም ዘውጽኡኒ ሰባት ናባይ ክምለሱ ክጽውዕ ዓብዪ ትምኒተይ ኢዩ። ብዙሓት ነፍሲታት፣ እግዚኣብሄር ብጭቡጥ ኣይህልዉን ይኸዉን ብዝብል ሓሳብ ተመሪሖም፣ ንዓይ ንፍቐር የሱሶም ክርስዑኒ ወሲኖም ኢዮም። ነዚኦም መሳኪን፣ ዝተደናገሩ ሰባት ይሻቕል፣ ምኽንያቱ ኣዝየ ኢየ ዘፍቅሮምን ምሳይ ክኾኑን ዝናፍቕ።

**ካባይ እንተኾብሊልኩምን፣ ዘመናዊን ቁልጡፍ-ኣካይዳን ዓለም ምስ ንዓይ ንየሱስ ክርስቶስ ዘለኩም እምነት ከተተዓርቑዎ እንተተሸጊርኩም፣ በሉ ክትርድኡዎ ክሕግዘኩም ኣፍቅዱለይ። ካባይ ዝተፈላለኹምሉ ምኽንያት፣ ሰሪ ሓጥያት ኢዩ። ሓጥያት ንነፍሲኹም ኣብ ዘሰንክለሉ ግዜ፣ ደልሃመት ይወርዳ'ሞ እዚ ድማ ንብርሃን እግዚኣብሄር ንምቕባል ኣሸጋሪ ይገብሮ። እዚ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ፣ ልብኹም ይድንድን። ድሕር'ዚ ድማ ኣእምሮኹም ይውሶኾ'ሞ ሽዑ እዩ እቲ እግዚኣብሄር ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ ዝብል ግጉይ እምነት ተሕድሩ፣ ምኽንያቱ ስነ-ሞገት ክህሉ ኣይክእሉን ኢዩ ስለዝብል።**

ሂወትኩም ማለት ግዳ ኣብ መዋእልኩም ሓንቲ ቅልጥፍቲ ህሞት እንዳኣላ። ኣብ ግዱድ ስደት ኢኹም ዘለኹም። እቲ ሓቂ ኣብ መጻኢ ግዜ ኢዩ ዘሎ፣ ኣብ'ቲ ኣብ መወዳእታኡ ናብ ቤትኩም ናብ እግዚኣብሄር ከም'ታ ዝተፈጠርኩማ ክትመጹ እንክለኹም። ኣዝዮም ብዙሓት ከምዘስግል ዝገብሩዎን፣ መስሓትቲን ነገራት፣ ከምኡ'ውን ደልሃመት ኣብ ምድሪ እንክለዉ፣ ሰብ ናባይ ቀሪቡ ክጸንሕ ክሳብ ክንደይ ኣሸጋሪ ምዃኑ እርዳኣኒ ኢዩ።

ህላዌይ ወይ ፍቕረይ ኣብ ዘይስማዓኩም ግዜ፣ ነዚ ዝስዕብ **ጸሎት ገድሊ (119) ፍቕሪ የሱስ ንኽስማዕና**፣ ዝብል ድገሙ

*የሱስ ሓግዘኒ፣ ኣነ ኣዝየ ተደናጊረ ኣለኹ።*

*ልበይ ንዓኻ ምኽፉት ኣብዩ።*

*ኣዒንተይ ክርኢያኻ ኣይካኣላን።*

*ኣእምሮይ ድማ ይዓግተካ ኣሎ።*

ኣፈይ ኬጸናንዓካ ቃላት ኬወጽእ ኣይካኣለን።

*ነፍሴይ ብደልሃመት ተኸቢባ ኣላ።*

*በጃኻ ንዓይ ንምስኪናይ ሓጥእ ደንግጸለይ።*

*ብዘይ ናትካ ህላወ፣ ረዳኢ የብለይን።*

*መታን ንምሕረትካ ክልምን፣ ናባኻ ክመጽእ*
*ትብዓት ክህልወኒ ብጸጋታትካ ምልኣኒ።*

*ንዓይ፣ እቲ እኳ ዝፈትወካ እንተኾነ ከም ቀደመይ ዝኾነ ፍቕሪ ኣብ ልበይ ክቕስቀስ ዘይስምዖ፣ ጥፉእ ወደ መዝሙርካ፣ ነቲ ሓቂ ክርእዮን ክቕበሎን ሓግዘኒ። ኣሜን።*

ምሳይ ሕብረት ምግባር ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ነፍ ኹም ህላዌይ ክሳብ ዝስማዓኩም፣ ክትጸንዑ ኣለኩም። ጸውዑኒ እሞ፣ ኣነ ድማ ክንዩን ነታ ምስኪንን ተስፋ ዘይብላን ነፍሲ ኹም ክሓቑፋን፣ ክወስደኩም፣ ክመርሓኩምን ናብ ዘልኣለማዊ ድሕነትኩም ከምጽኣኩም ኢየ። ዝገበርኩሞ ነገር ብዘየገድስ፣ ናባይ ክትጽውዑ ፈጺምኩም ክትፈርሑ የብልኩምን። ንነፍሲ ወከፍ ሓጥእ ይምልሰሉ ኢየ፣ ዝኾኑ ይኹኑ ብዘየገድስ። ሓደ'ኳ ካባኻትኩም ብዘይ መንቅብ ሓጥያት ዘሎ የለን። ንጻውዒትኩም ክጽበ ኢየ።

ናትኩም የሱስ

**ህያባት በብደረጅኦም ከምጽእ ኢየ፣ ከከም ምንጻህ እታ ነፍሲ**

ረቡዕ፣ መስከረም 04, 2013 ሰዓት 18፣00

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ እቲ ኣብ ትሑታት ነፍሲታት ዝርከብ ህያው እግዚኣብሄር፣ እዚ ሓድሽ ህያበይ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ዓለም ብሂወቶም ዘለዉ ኣብ ዘፍስሰሉ ግዜ፣ ኣብ'ዚ እዋን ዝያዳ ከደምቕ ኢዩ።

ህያባት በብደረጅኦም ከምጽእ ኢየ፣ ከከም ምንጻህ እታ ነፍሲ። ኣብ ሙሉእ ዓለም ኣብ ዘለዋ ኣብያተ ክርስቲያን ዘለዉ ሰዓብተይ፣ ብዛዕባ መብጽዓ ዳግማይ ምጽኣተይ ብዓብዪ መረዳእታ ክሸፍኖም እንከለኹ፣ ንዓይ ዘለዎም ፍቕሪ መሊሱ ክውሳዕ ክስምዖም ኢዩ። ናተይ ህያብ ማለት፣ ብሞንጎ እቲ ዝተጠናነገ ዓለባ ደልሃመት ኣሕሊፎም፣ እቲ ሓቂ ከመይ ትርጉም ክህብ ከምዝጅምር ክርእዩ ክኽእሉ ኢዮም ማለት ኢዩ። ሕጂ ኣነ ከምዝዛረቦም ክፈልጡ ኢዮም፣ ምኽንያቱ ናተይ ህላዌ ኣብ ውሽጢ ልቦም ክስምዖም ስለዝኾነ። ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ብዝዋሃቦም ፍልጠት ክባረኹ ኢዮም፣ መታን ንዳግማይ ምጽኣተይ እኹል ምድላዋት ክገብሩ ክኽእሉ።

ሰዓብተይ ብመንፈስ ቅዱስ ክምርሑ ኢዮም፣ ኣይክጠልሙንን'ውን ኢዮም፣ ብስመይ ንዝቐርበሎም ርኽሰት'ውን ኣይክቕበሉን ኢዮም። ስለ'ዚ ኢዩ ድማ ሕጂ ቃለይ ብዝያዳ ቀልጢፉ ዝባጻሕ፣ ብዙሕ ከይጸንሔ ድማ እቲ መንፈስ ቅዱስ፣ ነታ ዓባይ መዓልቲ፣ ንምምጽኤይ ከቃልሕ እታ ናይ መወዳእታ መለኸት ዝንፋሓሉ ዕለት፣ ኣብ ነፍሲታቶም ሃረርታ ክፈጥር ኢዩ።

ኣይትፍርሑ፣ ፍቑራት ሰዓብተይ፣ ዋላ ትሳቐዩ ሃልዉ'ምበር፣ ኣነ ምሳኹም ኣለኹ። ኣብ ቀረባ፣ ቁጽርታትኩም ከዓቢ ኢዩ እሞ፣ እዚ ድማ ንዓይ ሓቀኛታት ኴንኮም ክትጸንሑ ዓብዪ ምትእምማን ክፈጥረልኩም ኢዩ።

ናትኩም የሱስ